# ሕተት(Ask)!

## ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ብሔረ

## ኣግዓዚ (ህዝቢ ግእዝ)

## (Red Sea of Geezland)

**ግንቦት 2017 ኣ.ግ**

ኣብ ወርሒ ሓደ ግዘ እንዳተሓትመት ትወፅእ ልሳን ውድብ

ብሄረ ኣግኣዚ/ውብኣ/

መበል ዓሰርተ ኣርባዕተ ሕታም 2017 ኣ/ግ

*ውዳብ ብሄረ ኣግኣዚ **(ውብኣ)***

***Agaezi National Union(ANU) Party***


**ቁፅሪ ስልኪ** +4179 628 22 07

**E-mail:** voiceofgeezpeople@gmail.com

Website: www.anu-party.org

https://www.facebook.com/profile.php?id=100083047373095

https://www.tiktok.com/@habeshaagaezi

https://twitter.com/OTNAAWorldwide

https://www.youtube.com/@HabeshaAgaeziMedia

***ትሕዝቶ*** ***ገፅ***

***1. መእተዊ.......................................................4***

**2. ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ...............................7**

**3. ቀይሕ ባሕሪ ንምንታይ መነሓነሒ ሃገራት ኮይኑ?...........8**

**4. ምምላስ ቐይሕ ባሕሪ ንትንሳኤ ህዝቢ ብሔረ ኣግኣዚ....16**


***5. ተደጋጋሚ ዕፅዋን ክባን ከመይ ይፍንፃሕ ?..................37***

***6. ሰለስተ ናይ ባሕሪ ንግዲ ልሳናት ንጥቀም ነይርና..........46***

***7. ቐይሕ ባሕርና ሓደ ካብቶም ዓንድታት/ ረቋሒታት/ መለክዒታት ቢሔረ ኣግኣዚ እዩ!!................................61***

# መእተዊ

መዛግብቲ ታሪኽ ከፊትና ኣብ እንሪኤሉ ግዘ ቀይሕ ባሕሪ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ኣግኣዚያን (ብሔረ አግዓዚ) ዝነበረ ባሕሪ እዩ። ኣብ ሰሜናዊ ምብራቅ ግእዛዊት ኢትዮጲያ ዝተገበሩ ኲሎም ኲናታት እንተሪኢና፤ ካብ ንጉስ ዘስካለስ ፣ ንጉስ ገደራት ፣ንጉስ ኢዛና ፣ ንጉስ አብራሃ፣ ንጉስ ካሌብ ፣ ንጉስ ገብረመስቀል፣ ንጉስ ዓምደፅዮን ፣ንጉስ ስባጋድስ እስካብ ወለደስላሴ፤ ካብ ኣሉላ ኣባ ነጋ እስካብ ራእሲ ሚካኤል ሱሑል ወይ ሃጸይ የውሃንስ ቀይሕ ባሕሪ ማእከል ጉዳይ ድሕንነትን ህልውናን ኣግኣዝያን (ብሔረ አግዓዚ) ኮይኑ ፀኒሑ እዩ።



ካብ ስልጣነ ኣኽሱም ብሔረ አግዓዚ ጀሚርና እኳ እንተርኢና ውድቀት ስልጣነ ኣኽሱም (ግእዛዊት ኢትዮጲያ) ዝመፅአ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ኢድ ኣዕራብ ምስ ወደቐን ኣብ ውሽጢ ድማ ዓመፅ ቤጃ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ዓመፅ ምስተለዓለ እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ 19 ክፍለዘመን ድሕሪ ሃፀይ የውሃንስ ኣብ ዘጋጠመ ውድቀት ስልጣነ ኣግኣዝያን (ብሔረ አግዓዚ) እውን ተመሳሳሊ እዩ። ናይ ኣውሮፓ ሓይልታት ናብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ምምፃእ ዝተሓሕዝን ብምድረ ኣግኣዚ (ትግራይ) ብሃጸይ ሚኒሊክ ኣቢሉ


www.anu-party.org , voiceofgeezpeople@gmail.com

ዝነበረ ዓመፅን ዋና ውድቀት ምክንያት ስልጣነ ኣግኣዝያን (ብሔረ ኣግዓዚ) ኮይኑ እዩ።

ሐዚ ድማ ልክዕ ከም ብዘመነ ኣኽሱምን ሃፀይ የውሃንስን ዘጋጠመ ናይ ደገ ሓይልታት ሃገራት ዓረብ ከምኡ እውን ኤርትራ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ዘይሕጋዊ መንገድን ብሓይልን ልኣላዊት ሃገር ኮይና ምስ ኣብ ምድረ ኣግኣዚ ዘለው ሓይልታት ላቲን ኦሮሞን ባንዳ ህወሓትን ብምሕባር ኣብ ብሔረ አግዓዚ ኣነፃፃሮም ኣለው። ነዚ እውን እዩ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ኢድ ዘይፍትሓውያን ሓይልታት እንትወድቕ ኣብ ብሔረ አግዓዚ ከቢድ ፀገም ተፈጢሩ ዘሎ።



ሐዚ ዘሎ ታሪኽ ቀይሕ ባሕሪ ኣሕፅር ነብሎ እንተይልና፣ ካብ ውድቀት ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ እዩ ዝጅምር። ብሔረ አግዓዚ ድሕሪ ውድቀት ሃፀይ ዮሃንስ ናብ ክልተ ተመቒላ። ኣብ ክልቲኦም ምቃላት ድማ ነናይ ባዕሎም ነኒ ርእሶም ዝጋጨዉ ሓይልታት ዝወፅእሉ መዋቅራዊ ባይታ ተፈጢሩ። እዚ ክውነት፣ ኣብ ላቲን ኦሮሞን ባንዳ ህወሓትን ፣ ኣብ ምድረ ኣግኣዚ ግእዛዊት ኢትዮጲያ ፣ ምድረ ኣግኣዚ (ግእዛዊት ኤርትራ)፣ ዓለምለኻዊ ኣሰላልፋን ረብሓን ብዝርኢ መልክዑ ፈላሊኻ ምርኣይ ዘድልዮ እዩ። ኣብ ሕድሕዶም ዘሎ ባህጊን ተኽእሎን ዝተፈላለየ እዩ። እዚ ድማ እቲ ንብሄረ ኣግኣዚ ንምጥፋእ ዝተገበረ ከፋፋላይ ምንቅስቓስ እዩ ነቲ ሃፍቲ ኣግኣዝያን ናብ ምቅርማትን ሓደጋን ኣእትዩዎ። ናይዚ ኩሉ ምክፍፍልን ከምኡ ድማ መራሕቲ ህወሓት ደጊሞም ዝፈፀምዎ ጌጋን ክልቲኡ ኣብ ሓደ ዝነብር ህዝቢ ብሔረ አግዓዚ ተፈላልዩ ንክነብር ዘቐፀሉ እንትኾኑ ብተወሳኺ ድማ ህዝብታት ኣግኣዚ ብሓባር ሃፍቲ ተፈጥሮኦም ከይውኑኑን ከይርቡሑሉን ዝተገበረ ሸርሒ እውን እዩ።

ኣብ ቀረባ እዋን ድማ መራሒ ስርዓት ላቲን ኦሮሞ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ቀሪቡ "ወደብ ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህላወ ጉዳይ እዩ" ክብል ንዓለም ግልፂ ገይሩ ኣሎ። እቲ ክምልሶ ዝደለዮ ወደብ ምስ ታሪኽ፣ ብሄርን ቅርበትን ተታሓሒዙ ወደብ ዓሰብ ምኳኑ እቲ ብቀንዱ ምሓዝ ዘድልዮ ነጥቢ ይኸውን። ምድረ ኣግኣዚ(ትግራይ) ክዓ ኣብዚ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝኸውን ካብ ዘሎ ምልውዋጥ ፖለቲካ ወፃኢ ኣይኮነትን። ሕዚ ምስ ዘለቶ ምፅንቃቅ ሓይሊ ድማ ባዕላ

እትውስነሉ ዕድል እውን ከም ዓይኒ መርፌእ ዝፀበበ እዩ። ግን ዝሓሸ መማረፂ ካብ ታሪኽ፣ ረብሓ፣ ህልው ኩነታትን ኣሰላልፋን፣ ራኢን ተበጊስና ሓደ ቅዋም ክንሕዝ ግድን ይኸውን።


ሓይሊ ኦሮሞ ናብ መዋቕር ኢትዮጵያ ዝመፀ ብምንሊክ ኮይኑ፣ ነዚ ፖለቲካዊ ቅርፂ ዘትሐዞ ግን ህወሓት እዩ። ብዘማዕበሎ ፖለቲካዊ ባህጊ ድማ ካብ ዓርሰ ውሳነ ናብ ምቁፅፃር ኢትዮጵያ ዝብል እናተመጠጠ መፅአ። ኣብዚ ጂኦፖለቲካዊ ፀዋታ ቀይሕ ባሕሪ ንምእታው ዝህንደድ ዘሎ መንግስቲ ላቲን ኦሮሞ (ኦሮሙማ) ሓይሊ ባሕሪ ኣጣይሹ ነቲ ብዓቅሚ ሰብን ገንዘብን ንምሕላው ዝኸብድ ሰፊሕ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ሓላዊ ኽክወን እየ ኢሉ ምንቅስቃስ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ብፕሬዝደንት ኢሳይስን ብሃገራት ዓረብን ፍቃድ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቃስ ወደባት ንምቁፅፃርን ሕልሚ ቀትሪ ከይኑዎም ኣሎ።

# ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ


ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገለፀ ቀይሕ ባሕሪ ንብርክት ዝበሉ ዘበናት ኣብ ትሕቲ ኣግኣዝያን (ብሔረ አግዓዚ) ዝነበረ ሃፍቲ ፀጋ ተፈጥሮና እዩ። ቀይሕ ባሕሪ 5,500 ኪሎሜተር ዝኸውን ገማግም ዘለዎ ከምኡ እውን ልዕሊ 1,500 ደሴታት ዝሓቖፈ፤ ንሜዲትርንያን ባሕሪን ንህዲ ውቃያኖስ ዘራኽብ ቐይሕ ባሕሪ ንዓለምለኻዊ ንግዲ፣ ዘባዊ ቁጠባዊ ዕብየትን ንሓፈሻዊ ሰላምን ጸጥታን እቲ ዘባ (The Greater Horn of Africa) ፍሉይ ስትራተጂካዊ ረብሓ (ኣገዳስነት) ኣለዎ። ብዋናነት ድማ ብሃፍቲ

ነዳዲ ዝፍልጣን ብሚልዮናት ዝቁጸር በርሚል ነዳዲ መዓልታዊ ዘፍርያ ሃገራት ዓረብ (22 **Member states of the Arab League)** ብቀረባ ኣብ ገማግም እቲ ባሕሪ ምህላዎን ንንግዳዊ ንጥፈታት ልዕሊ ኩሉ ኣገዳስነት ኣለዎ።

# ቀይሕ ባሕሪ ንምንታይ መነሓነሒ ሃገራት ኮይኑ?



ኣብ ዘሓለፉ ዘተወሰኑ ዓመታት ጂኦፖለቲካውን ጂኦኢኮኖሚያውን ምንቅስቓስ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ተራእዩ ብዘይፈልጥ መገዲ ምስ ማእከላይ ምብራቕን ህንዳዊ ውቅያኖስን ብፉሉይ ተኣሳሲሩ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ዓመታት ጂኦፖለቲካዊ ኣቀማምጣ መድረኽ ቀይሕ ባሕሪ ብመሰረቱ ተቐዪሩ። ኣብ ልዕሊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ዘለዋን ንንግድን መዳዓዝያን ዝጥቀማሉ ሃገራት ፅልዋ ንምሕዳሩን ኣብ ዝግበር ቅድድም ስትራተጅያዊ ረብሓ ስለዘለዎ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይንፀል ክፍልን ፀጥታዊ ስርዓትን ማእከላይ ምብራቕ፣ ኢንዶ-ፓሲፊክን ከምኡውን መዲተራንያን ዘሎ ምትእስሳር ኮይኑ ኣሎ።




Source: TRT World Research Centre

ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝሓለፈ ክፍለዘበን ተራእዩ ብዘይፈልጥ መልክዑ ኣብ ጉዳይ ቀርኒ ኣፍሪካ ትኹረት ጌረን ክንቐሳቐሳ ፀኒሐን። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝግበሩ ወታደራዊ ምንቅስቃሳትን ምዕባለታትን ዓበይቲ ሃገራት ዓለምና አብ ጅቡቲ ዓርደን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኹ ከይዶም።

ኣብ ውሽጢ ማእከላይ ምብራቅ ኣብ መንጎ ሃገራት ዓረብ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ውድድርን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ ሰደድ ብምግባርን ማሓዛ ሃገራት ንምፍጣርን ፅልዋ ንምሕዳርን ኣብ ዝግበር እሽቅድድም ውሽጣዊ ንሕንሕ ሃገራት ዓረብ ናብቲ ዞባ ሊሒኹ ክኣትው ተጌሩ እዩ። እዚ ኣብቲ ካብ ቀደሙ እውን ፖለቲካዊ ህውከት ዝዓሰሎን ግጭት ዝበዞሖን ዞባ ዘይምርግጋእን ሻቅሎትን ክቀፃፀል ጌይሩ።

ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ተመርኪዙ ብቁልጡፍ እናማዕበለ፣ እናተሓላለኸ ዝመፀአ ሓዱሽ ጂኦፖለቲካዊ ኩነታትን ኣሰላልፋን ብዝምልከት ምስ ምምፃእ ዶናልድ ትራምፕ ተተሓሒዙ መንግስቲ ኣሜርካ መዓረ ንምስጓም ኣብይዎ። ብርግፅ ድሕሪ ጆባይደን መንግስቲ ኣሜርካ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝነብራ ዓብላላይ ፖለቲካዊ ስልጣን እናሰሓበት ከይዳ። ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ዝተከተሎ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣሜርካ ካብ ፖለቲካዊ መድረኽ ዓለም ክተንሰሓሕብ ዝገበረ እዩ። ብርግፅ ኣብ ዝሓለፉ ዝተወሰኑ ዓመታት ንኣሜርካ ሓዊሱ ኣብ ኣውሮፓን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዓለም ዝመፁ ፖለቲካዊ ለውጥታን መራሕትን ፖለቲካ ዓለም

ብውሳናይ መልክዑ ዝለወጠን እተን ቅድሚ ሐዚ ኣብ መድረኽ ዓለም ዝመርሓ ዝነበራ ሃገራት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ክፅመዳ ተገዲደን።

ነዚ ኣብ መድርኽ ፖለቲካ ዓለም ዝተፈጠረ ክፍተት ንምምላእን ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ካልኦት ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታት ከናድያ ዝጀመራ ሃገራት ዓረብ ነዚ ከም ፅቡቅ ኣጋጣሚ ተጠቂመናሉ። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ድማ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ብርቱዕ ጆኦፖለቲካዊ ንሕንሕ ዝግበረሉ መድርክ ኮይኑ። ሃገራት ዓረብ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝለዓለ ጠመተ ሂበን ክንቀሳቀሳ ፀኒሐን። ብፉሉይ ድማ ኣብ 2017 ኣቆፃጽራ ኣውሮጳ Gulf crisis እናተበሃለ ዝፍልጥ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ምስሕሓብን ሃገራት ዓረብ ሲዒቡ ግልፂ ዝኮነ ጂኦፖለቲካዊ ኣሰላልፋ ክምዕብል ጀሚሩ። ኣብ መንጎ ሕብረት ዓረብ ኢምሬትስን ኳታርን ዝተጀመረ ፖለቲካዊ ውጥጥ እናሓየለ ከይዱ ኳታር ንግብረ ሽብራዊ ተግባራት ዝተፈላለዩ ኣካላት ገንዘባዊ ድጋፍ ትገብር እያ ብዝብል ክሲ ሱዑድ ዓረብ፣ ዓረብ ኢምሬትስን ባህሬን ብሓባር ምስ ካልኦት ኣባላት ዓረብ ሊግ ብምኳኑ ቁጠባዊን ዲፕሎማሲያዊ ርክበን ብምቁራፅ ማዕቀብ ጌረን። በእቲ ካሊእ ወገን ድማ ቱርኪን ኢራንን ኣብ ጎኒ ኳታር ጠጠው ብምባል ቑጠባዊን ፖለቲካውን ሓገዝ ንኳታር ክህባ ጀሚረን።

ነዚ ሲዒቡ ኣብ ሞንጎ እዘን ሃገራት ዝግበር ፅልዋ ንምሕዳርን ሃገራት ኣብ ጎነን ንምስላፍ ዝግበር እሽቅድድም ካብ ሃገራት ዓረብ ሓሊፉ ቀይሕ ባሕሪ ተሻጊሩ ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ (Greater Horn of Africa) ሊሒኹ። ብክልቲኡ

ሸነኽ ፖለቲካዊ ፍሕፍሕ ዘለዋ ሃገራት ዓረብ ቀይሕ ባሕሪን ቀርኒ ኣፍሪካን ጆኦፖለቲካዊ ንሕንሕ ዘካይዳሉ መድረኽ ጌረንኦ።

ካብዚ ብተወሳኺ ቅድሚ 2017 እንተኮነ እውን ሃይማኖታዊን ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ውጥጥ ኣብ መንጎ ዓረብ ሃገራትን ኢራንን ንነዊሕ ግዜ ዝፀነሐ እንትኸውን ብፍላይ ድማ ሃገራት ሱዑድ ዓረብን ዓረብ ኢምሬትስን ኢራን ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ፅልዋ ንምጥፋእን ንምቅናስን ከም ሓደ ዕላማ ሒዘን ክቀሳቀሳ ፀኒሐን እየን። እዚ ኣብ መንጎኦን ዘሎ ውጥጥ ኣብ ምስ ኳታር ምስ ዘጋጣመ ውጥጥ ኢራን ንኳታር ብምሕጋዝ ኣንፀባሪቃቶ። ብተወሳኺ ኣብ የመን ኣብ መንጎ መንግስቲን ናይ ሁቲ ዓመፅትን ብዝተወለዐ ኲናት ሱዑድ ዓረብን ዓረብ ኢሚሬትስን ሕጋዊ እዩ ዝብልኦ መንግስቲ እንትሕግዛ ኢራን ብወገና ንሁቲ ዓመፅቲ ሓጊዛ። ነዚ ሲዒቡ ሱዕድ ዓረብ፣ ዓረብ ኤምሬትስን ካልኦት ኣባላት ዓረብ ሊግን ብስዑድ ዓረብ ዝምራሕ ወታደራዊ ወፍሪ ኣብ የመን ብምክያድ እንትሕግዛ፤ ኢራን እውን ንዓመፅቲ ሁቲ ናይ መሰራሕን ገንዘባዊ ሓገዝ ብምግባር እስካብ ሐዚ ኣብ ዘየቋርፅ ናይ ውክልና ኲናት (Proxy-War) ይርከባ።

ኣብ የመን ዝተወለዐ ኲናት ሲዒቡ ብምብራቃዊ ሸነኽ ቀይሕ ባሕሪ ነቲ ኣብ የመን ዝገብርኦ ዘለዋ ወታደራዊ ወፍሪ ከም መልዓሊ ዝጥቀማሉ ወታደራዊ ናቁጣ ከምዘድልየን ዝተረደኣ ሃገራት ዓረብ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ክህልወን ዝግባእ ፖለቲካዊ ፅልዋ ክዛይድ ከምዝግባእ ዝተገዘባሉ ኩነታት

ፈጢሩለን። ናይ ኢራን ፅልዋ ኣብቲ ዞባ ንምቅላስን ድሕንነትን ጸጥታን ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላውን ዞባዊ ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪካ ምቁፅፃር ኣማራፂ ዘይብሉ ከምዝኾነ ተገንዚበን።


እዚ ልዕል ክብል ዝተጠቀሰ ፖለቲካዊ ንሕንሕን ሃገራት ዓረብ ዝወሎዶ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከባ ሃገራት ናይ ሓዲኡ ወገን ቅዋም ክሕግዛ ናይ ካሊእ ድማ ክቃወማ ንምግባር ብገንዘባዊ ሓገዘን ብፖለቲካዊ ፅልዋ ኣብ ጎነን ንምስላፍ ክሸቕዳደማ ጀሚረን። ብፍላይ ሱዕድ ዓረብን ዓረብ ኤሚሬትስን ተቀዲሑ ብዘይውዳእ ሃፍቲ ነዳዲ ብዝረኸብኦ ገንዘብ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከባ ሃገራት ወደብ ንምስራሕ ስምምዕነት ብምፍፃምን ገንዘባዊ ሓገዝ ብምግባርን ሃገራት ኣብ ጎነን ከሰልፋ ብዑቱብ ተንቀሳቒሰን:: ብገንዘባዊ ሓገዝን ፖለቲካዊ ፅልዋን ኣብ ጎነን ከስልፈአን ንዘይከኣላ ሃገራት ድማ ኣብ ውሽጢ እተን ሃገራት ንዝርከቡ ተቓወምትን ወታደራዊ ኣመራርሓን ብምሕጋዝ ዓመፅን መፈንቅለ መንግስቲን ክላዓል ውሽጢ ውሽጢ ሰሪሐን። ነዚ ከም ኣብነት ሱዳን ምውሳድ ይከኣል። ንብርክት ዝበለ ዓማውቲ ንፕሬዝደንት ዖማር ኣል በሻር ካብ ምስ ኳታርን ትርኪን ዝነበሮ ምሕዝነት፤ ብፍላይ ድማ ምስ ኢራን ካብ ዝነበሮ ስጡም ርክብ ኣውፂኤን ኣብ ትሕቲ ፖለቲካዊ ፅልውአን ከእትውኦ ዘይከኣላ መንግስታት ሕብረት ዓረብ ኢሚሬትስን ሱዕዱ ዓረብን ኣብ 2018ን 2019 ኣቆፃፅራ ኣውሮጳ ኣብ ሱዳን ዝተልዓለ ህዝባዊ ዓመፅ ንሱዳን ኣብ ትሕቲ ፖለቲካዊ ፅልውአን ንምእታው ከም ፅቡቅ ኣጋጣሚ ጌረን ተጠቂመናሉ። ንቁልፊ ወታደራዊን ናይ ድሕንነት

ኣመራርሓን ኣብ ልዕሊ ያማር ኣል በሽር ዕልዋ መንግስቲ ከካይዱን፤ ነቲ ንያማር ኣል በሽር ዝተከአ ወታደራዊ ናይ ስግግር ካውንስል (transitional military council) ብምሕጋዝ ወታደራዊ ጀነራላት ኣብቲ ዝተገበረ ሽግግርን ናይ ስልጣን ክፍፍልን ቁልፊ ቦታ ክሕዙን ብድሕሪኡ እውን ሲቪላዊ መንግስቲ ክትከል ኣብ ዝተገበረ ዳግማይ ህዝባዊ ዓመፅ ንምብታን ዓብይ ደገፍ ጌረን እየን።

ብተመሳሳሊ ኣብ 2017 ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ ሶማልያ ኣብ ዝተገበረ መረፃ ዝተዓወተ ፕሬዝደንት ማሓመድ ፈርማጆ ካብ ኳታር ብዝረኸቦ ገንዘባዊ ሓገዝ እዩ መረፃ ክዕወት ኪኢሉ ዝብል ክሲ ዘቅረባ ሱዑድ ዓረብን ዓረብ ኣሜሬትስን ንፌደራል መንግስቲ ሶማልያ ሓዲገን ንክልላት ሶማልያ ምሕጋዝ ጀሚረን። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዎን ጥቅሚ ንምሓላውን እተን ክላልት ኣብ ጎነን ንምስላፍን ካብ ዝገብርኦ ገንዘባዊ ሓገዝ ብተወሳኺ ዓበይቲ ወደባት ኣብ ሃርጌሳን ሰማሊላንድን ብዘይኣፍልጦ ፌደራል መንግስቲ ሰማልያ ወደብ ክሃንፃ ተሰማዕሚዐን። ብርግፅ እዚ ፖለቲካዊ ምዕባለ እዚ ኣብ ቀረባ ዓመታት ድማ ተለዊጡ ፈርማጆ ብደላልነት ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድን ኢሳያስ ኣፈወርቅን ናብ ክሊ ፅልወአን ንምምላስ ሰሪሐን እየን።

ኤርትራ ንነዊሕ ግዜ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ተነፂላ ኣብ ዝፀነሐትሉ እዋናት ምስ መንግስቲ ኳታር ጥቡቅ ምሕዝነት መስሪታ ዋላ እንተፀነሐት ኣብ ሃገራት ዓረብ እናማዕበለ ዝመፀ ፖለቲካዊ ኩነታት ብምርኣይ ኳታር

ዝነበራ ርክብ ብምቅናስ ምስ ሱዑድ ዓረብ ኤሚሬትስን ተሰሊፋ። ሃገራት ዓረብ ኣብ ልዕሊ የመን የካይዶኦ ንዝነበራ ወታደራዊ ወፍሪ ብምብራቃዊ ሸንኽ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ወታደራዊ መዋፈሪ ናቁጣ ኣብ ዝደልያሉ እዋን መንግስቲ ኤርትራ ብዓርሰ ተበግሶ ወደብ ዓሰብ ንወታደራዊን ሲቪላውን ጉዳይት ክጥቀማሉ ን30 ዓመት መሬት (ብሔረ ኦግዓዚ) ሂቡ። በዚ ድማ ኤርትራ ጂኦፖለቲካዊ ኣሰላልፋኣ ፈልያ።





ብተወሳኺ እውን ከምኒ ሩስያን ኣሜሪካ ከምኡ ድማ ቻይና ፣ጥልያን ፣ፈረንሳይ ፣ጃፓንን ካልኦት ሃገራትን ኣብ ዘባ ቀይሕ ባሕሪ ገሊኦን ነቁጣታት መስሪተን ገሊኦን ድማ ብዝለዓለ ኣገባብ ጎብለል ናይቲ ከባቢ

ንሙኟን ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝርከባ ሃገራት ዝምድናታት መስሪተን ኣዒንተን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝተኸላ ዓመታት ተቆፂሮም ኣለዉ።

# ምምላስ ቐይሕ ባሕሪ ንትንሳኤ ህዝቢ ብሔረ ኣግኣዚ

ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ ብኸመይ ናብ ብሄረ ኣግኣዚ ክምለስ ይኽእል? ብንፁር ክንርድኦ ዘለና አዝዩ አገዳሲ ነጥቢ "ትግራይ" ብዝብል ፖሊቲካዊ ተረክ (Political Framework/Narration) ቀይሕ ባሕርና ክንምልስ (ክንውንን) ከም ዘይንክል እዩ:: ንምንታይ እንድሕር ንብል ድማ ናይ ሕጋዊን ታሪካውን ስነ ሞግት (መርትዖን ርትዓውነትን) (Historical and Legal Evidences) እዩ ከመይሲ "ትግራይ" ብዝብል ዝተሰነደ ሕጋዊ ውይም ታሪካዊ መርትዖ የብልናን:: እቱ ዘሎ ብግእዝ (ብሔረ አግዓዚ ) ብዝብል እምበር ትግራይ ብዝብል ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ የለን:: እቶም ቀይሕ ባሕሪ ንዘመናት ዘመሓደሩ ነገስታትና ይኩን ሃፀያትና እውን ብሔረ አግዓዚ እናበሉ እዮም ፅሕፎም እምበር ብሔረ ትግራይ ዝበሉ የለውን:: እቱ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ናይ ትግራይ እዩ ዝብል ሰነድ (ቀዳምይ ይኩን ካልአይ መረዳእታ) (Primary or secondary resource) የለን... ብሔረ አግዓዚ ብዝብል ግን ብአሽሓት ዝቁፀር መርትዖ /ሰነዳት ስለ ንረክብ ቀይሕ ባሕሪና ንምምላስ ብሔረ አግዓዚ ብዝብል ፖሊቲካዊ ተረክ (political framework/Narration) ክንስለፍ ግድን ይኸውን!!

“ትግራይን፣ ቢሔረ ኣግኣዝን ልዕሊ ናይ ቃላት መሰረታዊ ናይ ኣታሓሳስባን፣ ስነ-ለቦናን፣ ታሪኽን ኣፋላላይ እዩ” ይብል ዳንኤል ጋፍረ ፍትዊ (ወዲ ጋፍረ) መስራትን ኣመራርሓን ውብአ:: ገዛእን ተገዛእን፣ ፀናትን መፅነትን፣ በላዕን ተበላዕን ኽመይ ሓድነት ክህልዎ ይኽእል ? ኣበይ ዘሎ ሓድነት እዩ ክትፈላልዩና እናተብሃለ ንሽፍታ ጉጅለ ማሌሊት ዝሕለቕ እዙ ማ/ሰብ ? እዙ ትግራዋይ ዝብሃል ናይ ሕሶት መንነት እዩ ንብለኩም ብመርትፆን መፅናዕትን እዩ። ዓብይ ዓሕመድ ዓሊ ዝገንሖ ብልፅግና ዝብሃል መንግስቲ ኦሮሞ ንሻዕብያ፣ ዓረብን ሶማልያ ኣልሸባብን ዓዲሙ፣ ንኣስታት ክልተ ዓመታት ብዘመናዊ ኣፅዋር ክድብድቦ፣ ክወቕጦ፣ ክጩፍጩፎን ከፅንቶን ድሕሪ ምፅናሕ ሕዚ ተገልቢጡ ንቱ ምፅናት ዘርኢ ዝፈፀመሉ ብልፅግና ኦሮሞ ደጊፉን ተሓሽኪሩን ንኦርቶዶክስ ኽም ኽልቢ ውሕውሕ ይብል ኣሎ። ኽምዙይ ዝበለ ዓስካርን ነውራምን ትግሬ እንኳዕ ናትና ኣይኮነ።




ቕድሚ 1967 ትግራይ ዝብሃል ብሔር ኣይነበረን ፣ እንተነይሩ መርትፆን ጭብጥን ምቕራብ ይከኣል። ብ1967 ዓ/ግእዝ ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒቨርስቲ ዝነበሩ ተምሃሮ ብበዝሒ ደቂ ዓድዋ ማገብት (ማሕበር ብሔረ ገስገስቲ ትግራይ) ዝብሃል ክምስርቱን ናብ ኣብ ጀብሃ ዝነበረ ወዲ ይሓ ዓድዋ ኢሳያስ ኣፈወርቂ (ተምሃራይ ነበር ኣ/ኣበባ

ዩኒቨርስቲ) ክሕወሱን ተነጊሩዎም። ቐፂሎም ድማ ንታ ኣብ ሳሕል ብዓረብኛ ወታደራዊ ታዕሊም ተካይድ ዝነበረት ብሓባር ንኽጥፍኡዋ ልኡኽቶ ተዋሂቡዎም። ካብ ተሓኤ ዝብል ቐዲሖም ድማ ናብ ተሓሕት ዝብል ናይ ማሕበር ሽም ቐይሮም። ብምቕፃል ኣብ 1972 ዓ/ግእዝ ህዝቢ ራያን እንደርታን ምእንታን ክቕበለኩም "ወያነ" ዝብል ቃል ክትሓውሱላ ይግበአኩም ክብል ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይእዝዞም። ካብ ተሓሕት ናብ ህወሓት ተቐይሮም። ብምቕፃል ንሕና ማርክስ፣ ሌኒን እና ንኣምን ብምባል ማሌሊት (ማርክስ ሌኒንስት ሊግ ትግራይ) ዝብል ሽም ቐይሮም። ኣሜሪካ ፀረ ኮሚኒስት ምኟና ምስ ቱረድኡ ድማ ተመሊሶም ህወሓት እና ንብሃል ኢሎም። ብሓፂሩ ትግራይ ዝብል ናይ ዓድዋ ኸባቢ ቑሸት መፁውዒ እምበር ብሔር ኣይኮነን። ብ1984 ዓ/ግእዝ ዓድዋ (ትግራይ) ማእኸል እዩ ብምባል ናብ ምብራቕ ንዘሎ ዓጋመ ምብራቕ ትግራይ ፣ ናብ ደቡብ ንዘሎ ራያ እንደርታ ድማ ደቡብ ትግራይ ፣ ናብ ምዕራብ ንዘሎ ሽረ ድማ ምዕራብ ትግራይ ብዝብል ናይ ቑሸቶም ሽም ክጥመቕ ገይሮም። ካብዙይ ወፃኢ ትግራይ ዝብሃል ብሔር የለን። ብሔር ዝብሃል ድማ ሃገር (Nation) ማለት እምበር ቁሸት፣ እንዳ፣ ዓሌት፣ ቐበሌ፣ ቐቢላ ኣይኮነን። እቱ ፊደልና እውን ግእዝ እምበር ትግርይና ዝብሃል የለን። ንፀውዮ ዘለና ፅዋ ድማ ዘመናዊ ግእዝ እምበር ትግርኛ ዝብሃል ብሔር ይኹን ቋንቋ (ፊደል) የለን።

ስለዙይ ካብ ናይ ሕሶትን ሓሸውየን ተረትተረት ወፂና ናብቲ ቕኑዕን ንቡርን ብሔረ ኣጋዓዚነትና ምምላስ ናይ ግድን ይኸውን። ፊደልና ግእዝ ፣ ዘመን ኣቆፃፅራና ግእዝ፣ ልሳና ግእዝ ታሪኽናን ስርዓትናን ግእዝ ወዘተ

እምበር ካልእ ኣይኮናን። ልሳና ግእዝ ድማ ማዕቢሉን ዘመናዊ ኾይኑን እምበር ናብ ካልእ ኣይተቐየረን፣ ዝቕይሮ ሓይሊ ድማ ኣይክህሉን። ትማሊ ግእዝ ፣ ሎሚ ግእዝ ፣ ፅባሕ እውን ግእዝ! ትግራዋይነት ፣ ትግርኛ፣ ብሔረ ትግራይ ዝብል ሕሰት እዩ። ንሕሶት ድማ ክነኽብሮ ዘይኮነስ ብዘየናሕሲ ክንወቕሶ ናይ ግድን እዩ። ንስኻ ብግእዝ ፊደል ትጥቀም ፣ ዘመን ኣቆፃፅራኻ ግእዝ፣ ስርዓትካን ክብርኻን ግእዝ፣ ታሪኽካን ባህልኻን ግእዝ፣ ባሕርኻ እውን ናይ ህዝቢ ብሔረ ኣጋዓዚ ምዃኑ እንድሕር ትቕበል ትግራይ ዝብል ተፀረፈ ተደርበየ ክስምዐካ ኣይኽእልን። ብሓፂሩ ናይ ግእዝ እምበር ትግርኛ ዝብሃል ቃል/ልሳን የለን። እቱ ናትና ናይ ብሔረ ኣጋዓዚ ፊደል ይኹን ንፀውዮ ዘለና ፅዋ መን እዩ ትግርኛ ገይሩዎ ? ዘመናዊ ግእዝ እዩ። ቋንቋ እኮ ይዓብን ይምዕብልን እዩ። እቱ 4ይ ክ/ዘመን ዝነበረ ሕዚ ዘመናዊ ኾይኑ ማዕቢሉ እምበር ጠፊኡ ኣይኮነን። ይትረፍ ናይ ራብዓይ ናይ 18ክ/ዘመን ፈረንሳኛን እንግሊዝኛን ምስቲ ናይ ሕዚ 21ክ/ዘመን ዘራኽብ የብሉን ሽሙ ግን ኣይቀየረን ፈረንሳኛ እንግሊዘኛ እዩ። ኣነ ሕዚ ዝፅሕፍ ዘለኹ ብዘመናዊ ግእዝ እምበር ብትግርኛ ኣይኮነን። ትግሬ ፣ ትግራይ (ትግርኛ) ዝብሃል ስርዓት ኦርቶዶክስ የለን። እቲ ዝነበረን ዘሎን ስርዓት ግእዝ (ብሔረ ኣጋዓዚ) እዩ። ንዙይ ንምቕባርን ንምድምሳስን ጉጅለ ባንዳታት ማሌሊት ህወሓት ንምንታይ ምስ ፀረ ግእዝ ዝኾነ ወራሪ ኦሮሙማ ብልፅግና ሓቢሮም ይሰርሑ ምህላዎም ንዝርድኦ ግልፅን ንፁርን እዩ። ንሕና ድማ ንዙ ከዳዕን ባዕዳውን ጉጅለ እዙይ ንምቕባርን ንምጥፋእን ምስ ዝመስለና ኹሉ ሓቢርና ናይ ምስራሕ ተፈጥራዊ መሰል

ከም ዘለና ፈሊጥና ብትብዓትን ብሞራልን ክንረባረብ ይግባእ። በቃ ትግርኛ ዝባሃል ቋንቋ/ልሳን የለን።እዚ ንዛረቦ ዘለና ቋንቋ "ልሳነ ዘበናዊ ግእዝ" እምበር ትግርኛ ዝባሃል ቋንቋ የለን። for the matter ኣግኣዚ'በር ትግራይ ዝባሃል ህዝቢ'ውን የለን። **ፊደለ ግእዝ ልሳነ ግእዝ ዓመተ ግእዝ ቢሔረ ኣግኣዚ ቤተክርስትያን /መስጊድ ግእዝ ሰዓተ ግእዝ ክብርታት /ስርዓታት/ስልጣነታት ግእዝ ወዘተ !!!**

ኣብ ምድሪ ሓበሻ ብሔረ ኣግዓዚ ንምንታይ ላቲናዊ ፖለቲካ ንግእዝ እናውሓጠ ይስፋሕፋሕ ኣሎ ? ቅድሚ 34 ዓመት ኣብ ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ብግእዝ ፊደል እምበር ብላቲን ዝፅሕፍ ህዝቢ ኣይነበረን። እዙይ ማለት ንቱ ግእዝ ፊደል ክጠፍእን ብላቲን ክትካእን ሓያሎ ቓልሲታትን ሸርሕታትን እናሰርሑ ዝመፁ ሓይልታት ህግደፍ፣ ህወሓትን ኦነግን ኣዝዩ ኸቢድ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ፊደል ግእዝ የብፅሑ ምህላዎም ዝከሓድ ነገር ኣይኮነን። ንአብነት ኣብ ኤርትራ ብዓል ዓፋር፣ ሳሆ፣ ብሌን ፣ ኩናማ ፣ ናራ ወዘተ ዝብሉ ናይ ሕሶት ብሔራት ብምፍጣር ግእዝ ናትኩም ኣይኾነን፣ ባዕዳውን ወራርን፣ ጨቋንን ቐታልን እዩ ብዝብል ፀለመ ዳርጋ ኹሎም ብላቲን ክፅሕፉን ፀረ ግእዝ ክኾኑን ተሰሪሑሉ ይርከብ። ብወገን ኢትዮጵያ እውን ዓፋር፣ ኦሮሞ፣ ሶማል፣ ሲዳማ ወዘተ ዝብሉ ናይ ሕሶት ብሔራት ብምፍጣር ንቱ ግእዝ ክፅየፉዎን ከም ቐንዲ ፀላኢኦም ክርኡዎን ተሰሪሑሉስ ብላቲን ክጥቀሙ ተገይሩ ይርከብ። እዙይ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣካል ፅንተት ምኳኑ ምርዳእ የድልየና። ኣብ ላዕለዋይ ፀፍሒ ብራኸ ዓለም

ለኻዊ ስልጣነ ህዝቢ፣ ምድርን ባሕርን ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) ሰለስተ ናይ ባሕሪ ንግዲ ልሳናት ንጥቀም ነይርና። ግእዝ፣ ግሪኽ፣ ሰባዊ። እቱ ቐንዲ ብሔራዊ ልሳና ግን ግእዝ እምበር ግሪኽ ወይ ሰባዊ ኣይነበረን። ስለዙይ ከምቱ ናይ ቐደም ግሪኽ ዘይጠፍአ ፣ ማዕቢሉ ንዕዘቦ ዘለና እቱ ግእዝ እውን ማዕቢሉ ንጥቀመሉ ዘለና ልሳን ምኳኑ ክስመረሉ ይግባእ። ናይ ቐደም ዓረብ ይኹን ናይ ቐደም እንግሊዝ ሽሙ ኣይቀየረን። እዙይ ማለት ዕብየት ኣየርአየን ማለት ኣይኮነን። ናይ ራብዓይ ክ/ዘመን ዝነበረ ዓረብ ይኹን ግሪኽ ሕዚ ዓረብን ግሪኽን ዝብሃል እንተኾይኑ እቱ ሽው ዝነበረ ግእዝ ሕዚ እውን ግእዝ ዘይበሃለሉ ምኽንያት ሽርሒ ሮማዊያንን ሰዓብቶምን ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ስለዙይ ትግርኛ ምኛ ዝብል ናይ ከንሻ ሮማ ስዊድን ሎንደን ፅውፅዋይ ንቱ ንቡርን ምዕሩይን ልሳን ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ (ግእዝ) ሽሙ ክቕይሩዎን ከጥፍኡዎን ዘይሕሰብ እዩ። እዙይ ድማ ሓደ ተግባርን ዕላማን ውድብ ብሔረ ኣግኣዚ / Agaezi National Union Party/ ኾይኑ ይስርሐሉ ይርከብ። ሓቃዊ ብሔራዊነት ዝብሃል ድማ ከምዙይ መግለፂ ስርዓተ ክብርታትካ ከይጠፍኡ ምሕብሓብን ናብ መላእ ዓለም ክስፋሕፍሑ ምስራሕን እምበር ተጨቊነ፣ ናፅነት ፣ ሓርነት ወዘተ እናበልካ ብቃላት ኣሽካዕላል ምፅዋት ኣይኮነን። ስለዙይ እቱ ሕዚ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከብ ዓብይ ታሪኽ፣ ስልጣነ ፣ ስርዓተ ክብሪ ዝፈጠረ ህዝቢ ግእዝ እዩ። ንዙይ ከም ሓደ ዓብይ ሓበራዊ ሰረት (ሕመረት) (common connecting ground

/purpose) ተጠቒምና ምዕሩይ ናይ ረብሓይ ረብሓኻ ፖለቲካ ክንሰርሖሉ ይግባእ።

ፖለቲካዊ ቁማር ጉጅለ ህወሓት ገዛእቲ ደርቢ ዓድዋ ፣ ተሓለቕቲ ኤርትራዊነት ይቕፀል ኣሎ። መምህር ተጋዳላይ ጋዜጠኛ ኣታኽልቲ ኣምባየ ብፋሽሽታዊያን ሓይልታት ተረሺኑ ዝብል ብሽርሕን ጉርሕን ዝተላዕጠጠ ቁንፁል ዜና ጉጅለ ህወሓት ዋና ዓላማኡ ንፁር እዩ። ንሐዚ ዝርዝሩ ከቕርቦ ኣይደልን። መን እዩ እቲ ፋሽሽታዊ ሓይሊ፣ ኣበይ ፣ መዓዝ ብኸመይ ዝብሉ ሕቶታት ክነልዕል ግን ግድን እዩ። ኣብ ዝተወለደላን ዝዓበየላን ጋንታ ኣፈ-ሹም ቤት ሓወርያት ኻልኣይ ስነ ስርዓት ቐብሩ ከም ዝተፈጸመን ዘቕርብ ዘሎ ትግራይ ቲቪ ምኽኑ ንተዓዘብ (ካብ መበል 45 ደቒቓ ጀሚሩ ጀሚርኩም ብትኹረት ክትሰምዑ ይላቦ። ተዓዘቡ ካልኣይ ስነ ስርዓት ቐብሩ እዮም ዝብሉ ዘለው። ክልተ ግዜ ስነ ስርዓት ቐብሪ ምግባር ናይ ብሄረ ኣጋእዚ ባህሊ ድዩ ኣይኮነን ንዓኹም ክገድፎ። እወ ልክዕ እዩ ተጋደላይ ጋዜጠኛ መምህር ኣታኽልቲ እምባየ በዓል ገዚፍ ራኢ፣በዓል ዓሚቕ ፍልጠት፣ በዓል ዓብይ ሞያዊ ተሞኩሮ፣ ፈታዊ ዓዱ፡ ምዕሩይ፣ ለዋህ፣ ፍትሓውን ህዝባውን ብሄረ ኣጋእዚ እዩ ነይሩ። ነዚ ሓቂ እዙይ ዘራጉደልኩም መደረታቱ ክትሰምዑ ኣብዙ መልእኽቲ ኣታሓሒዘልኩም ኣለኹ ክትሰምዑዎ ደጊመ ይዕድመኩም። እወ ልክዕ እዩ መምህር ተጋደላይ ጋዜጠኛ ኣታኽልቲ እምባየ ጉዳይ ኤርትራ ዘይቕበል፣ ሻዕብያ ዝብሃል ገረድ ጥልያን ክእለ ኣለዎ ዝብል ፅኑዕ መትከል ዝነበሮ ቆራፅ፣ ቢሊሕ፣ ተባዕ ጋዜጠኛ፣ ተጋደላይ፣ ተንታኒ ፖለቲካን ኣማትን እዩ ነይሩ።

ብ1993 ህወሓት ብጉዳይ ኤርትራ ኣብ ክልተ ክግማዕ ኸሎ ኣታኽልቲ እምባየ እውን ሓደ ምስቶም ንሓቃዊ መትከል ህዝብና ዝሓዙ፣ ሻዕብያ ክቃበፅ ኣለዎ ዝበሉ ጀጋኑና ነይሩ። ኣፈኛታት ጉጅለ ህወሓት ድማ ኳኹቶ፣ ጉርዲ፣ ኣንጃ ወዘተ እናበሉ ምንባር ስለዝኽልከሉዎ ንሃገረ ኖርወይ ክስደድ ተገዲዱ ነይሩ። ንዓዱን ህዝቡን ስለዝፎቱ ድማ ተመሊሱ ብሞያኡ ከገልግል ናብ ትግራይ ኣትዩ ብትብዓትን ብትግሃትን ይሰርሕ ነይሩ። ይኹን እምበር ጉጅለ ገዛእቲ ደርቢ ዓድዋ ህወሓት ከስርሑዎ ኣይክኣሉን። ንኣብነት ናይ TMH ሓላፊ ኾይኑ ንህዝቡ ከገልግል እታ መድያ ካብ ናይ ሓደ ዓሌታዊ ጉጅለ ገዛኢ ደርቢ ዓድዋ ህወሓት ሓራ ወፂኣ ንኹሉ ህዝቢ ትግራይ ብማዕርነት ክተገልግል ብቦርድ ተመሪፁ እንተብቅዕ ብትእዛዝ ጉጅለ ስብሓት ነጋ (ገዛኢ ደርቢ ጉጅለ ዓድዋ) ክባረር ተገይሩ። እዙይ ከምዙይ ኢሉ ኸሎ ዓብይ ዓሕመድ ዝተብሃለ ብጉጅለ ገዛእቲ ደርቢ ዓድዋ ህወሓት ዝተመልመለ ጉጅለ ብልፅግና ዝኸዶ ዝነበረ ፣ ምስ ሻዕብያ ዘለዎ ርክብ፣ ክበፅሕ ዝኽእል ዕንወትን ወረራን ብንፁርን ብመፅናዕትን ዘቕረበ ነይሩ። እዛ ዘረባ እዚኣ ኣብ ዓይኒ በንዳታት ክኣትው ዝገበረት ርግምቲ ዕለት ነይራ። ከመይሲ እቶም ሓቃዊ መትከልን መንነትን ብሄረ ኣጋእዚ (ኣክሱም) ዘለዎም ተጋሩ ብግርህናኦም እቲ ሓቂ ይድርጉሑዎ እሞ ናይ ስልጣነ ኣክሱም ብሄረ ኣጋእዚ ኣንፃር ዝተሰለፈ ጉጅለ ባንዳታት ህወሓት ድማ ይቕንፀሎም። ንሰም ንዓድን ህዝብን ዝጠቅም ይዛረቡ ፣ ሕቡእ ሰልፊ ሻዕብያ ገረድ ጥልያን ኣብ ውሽጢ ህወሓት (ጉጅለ ገዛኢ ደርቢ ዓድዋ) ድማ ብሰላሕታ የሰናብቶምን የፀገዖምን። ኣብ ታሪኽ ህወሓት ካብ

ኤርትራ ትውልዲ ዘለዎ ወይድማ ናይ ኤርትራ ናይ ሕሶት ልዕላውነት ዝቕበል ሰብ ኣይተቐተለን። እቶም ዘይቕበሉ ካብ ንእሽቶይ ክሳብ ዓበይቲ ወታደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ግን ይርሸኑ፣ ይቕንፀሉ። ንኣብነት ጀኔራል ሓየሎም ኣርኣያ፣ ጀኔራል በርሀ ሻዕብያ፣ ጀኔራል ሰዓረ መኮንን፣ ስዩም መስፍን፣ ኣባይ ፀሃየ፣ ኣስመላሽ ፣ ኪሮስ ኣለማዮ ወዘተ ክንደይ ኢልካ ክዝርዘሩ።

ከምታ ብእዋን ደርጊ ፍርቆም ኣብ ትግራይ (ህወሓት) ፣ ፍርቆም ድማ ኣብ ኢትዮጵያ (ደርጊ) ተኸፋፊሎም ህዝብና ዘፅነቱዎን ናይ አክሱም ብሄረ ኣጋእዚ ኣፍሪሶም ብናይ ሰይጣናዊ ስነ ሓሳብ ሌኒንዝም፣ ማርክሲዝም፣ ማኦይዝም፣ ኮሚኒዝም ክትክኡ ዝተዋስኡ ሕዚ እውን ፍርቆም ኣብ ትግራይ (ህወሓት) ፍርቆም ኣብ ኢትዮጵያ (ብልፅግና) ኾይኖም ተመሳሳሊ ነውራም ተግባር ይፍፅሙ ኣለው። ስብሓት ነጋን መጫፍርቱን ኣብ ትግራይ ፣ ሓው ኮሎኔል በላይ ነጋ ድማ ኣብ ኣ/ኣ ምስ ደርጊ ሓቢሮም ህዝቢ ብሄረ ኣጋእዚ ንኽበርስ ሰሪሑም እዮም። ሕዚ እውን ብዓል ዶ/ር ኣርከበ ዕቑባይ ኣብ ኣ/ኣ ብዓል ደብረፅዮን ኣብ ትግራይ (ህወሓት) ኾይኖም ናይቲ ዝሓለፈ ፕሮጀክት ይቕፅልሉ ኣለው። ኣብ እዋን ደርጊ ብህወሓት ዘይተረሸነ ግእዛዊ ኣይነበረን ፣ እቶም ልዕሊ 60,000 ስውኣትና ዝብሉዎም ባዕሎም ጉጅለ ገዛእቲ ደርቢ ዓድዋ ህወሓት ዝቐንፀሉዎም እዮም። ብተመሳሳሊ ሕዚ እውን ብሽርሒ ነቶም በላሕትን ብሄራዊያንን (ብሄረ ኣጋእዚ) ምስ ሻዕብያን ብልፅግናን ሓቢሮም ዝቕንፅሉዎም ዘለው ምኺኖም ምርዳእ ቐሊል እዩ። ንምንታይ ሓደ ሰብ ካብቶም ጉጅለ ዓድዋ

ህወሓት (ላዕላውነት ኤርትራ ኣይንደራደርን ዝብሉ ) ዘይርሸን፣ ዘይመውት? ንምንታይ ኩሎም ናይ ስብሓት ነጋ ዕለታትን መሓውሩን ብድራማ ናብ ኣ/ኣ ውሑስ (secured) ቦታ ክውሰዱ ተገይሩ ዝብሉ ሕቶታት ምስ ተልዕል እቲ ሓቂ ብንፁር ይረአየካ እዩ።

TPLF Practices Treason Politics such as levying civil war against the Greater Agaezi Nation community values, strategic interests, security and lives or adhering and providing aid or comfort to the enemies of Greater Geez Community Nation within the Greater Horn of Africa and beyond. The crime of betraying a nation or a sovereign by acts considered dangerous to security have been repeatedly comitted by TPLF since its establishment by foreign agents to destroy Geez Civilization and its Culture. This typically includes acts such as participating in a war against one's native country, attempting to overthrow its government, spying on its military, its diplomats, or its secret services for a hostile and foreign power, or attempting to kill its head of state elites and intellectuals. Sedition and subversive activities of TPLF Democider, while generally less serious than treason, still carry harsh penalties, including hefty fines and prison time. However, TPLF is a foreign installed agent that

never challenged yet for its democide, crime and other accountabilities.

1. Constitution of Ethiopia 04 November 1955, duirng Emperor Haile Selase, Article 1 underlines: "The Empire of Ethiopia comprises all the territories including the islands, and the territorial waters, under the sovereignty of Ethiopian Crown. Its sovereignty and territories are indivisible. Its territories and the sovereignty rights therein are inalienable. All Ethiopian subjects, whether living within or out the Empire constitute the Ethiopian people."

2. Constitution of Ethiopia 1987 during Mengstu Hailemariam, Article 2 underlines: "The People's Democratic Republic of Ethiopia is a sovereign state whose territory comprising the land, air space and territorial waters, including the islands, is indivisible and inviolable."

3. Constitution of Ethiopia during TPLF Meles Zenawi, Article 39 Rights of Nations, Nationalities, and Peoples sub article 1, underlines: "Every Nation, Nationality and People in Ethiopia has an unconditional right to self-determination, including the right to secession."

Regardless of the 1952 UN General Assembly decision, Eritrea to be confederated with Ethiopia and both ports (Aseb and Mistwae) including islands such as Dahlak to be under the Ethiopian sovereignty, TPLF when it was on a transitional government (informal) decided to separate Eritrea in 1985 Geez Calendar. The Constitution of Ethiopia led by TPLF was not in practice when Eritrea was separated, which was developed two years later in 1987 Geez Calander.

The government of Italy and Petros Petros Gali , the United Nations Secretary General of that time from Egypt were the main actors in Separating Eritrea and making Greater Geez Nation (Agaezi Ethiopia) landlocked, fragmented and geopolitically subjugated. TPLF together with EPLF did everything possible to fragment, weaken, impoverish and conquer the Agaezi community more than anybody in our history. This has to be rejected, condemned and abolished in a joint and integrated way as Agaezi community and restore our Geez Civilization with its Red Sea. Agaezi National Union (ANU) has taken this generational role and is determined to realize it sooner or later.

https://anu-party.org/

"ዓብይ ዓሕመድ ጀኖሳይድ ኣይፈፀመን" ቢንያም ተወልደ እካል (ስሉስ ኲርናዕ ሽርሓዊ ኹናት):: ኤርትራ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ ቢንያም ተወልደ ሓደ ካብቶም ስርዒት ጉጅለ ስብሓት ነጋ ደብረፅዮን ኾይኑ ምስ ዓብይ ዓሕመድ ሓቢሩ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ፅንተት ዝፈፀመ ገበነኛ ሰብ እዩ ክንብል ኸለና ብመርትዖን ጭብጥን እዩ ነይሩ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ኣብ OTNAA ይኹን ውብኣ (ANU) ዘቕረብናዮ ቢንያም ተወልደ ባዕሉ ኣብ ዝተፈላለዩ መድያታት ቐሪቡ ነቲ ነቕርበልኩም ዝነበርና ተኸታታሊ ሓቅታት ኣረጋጊፁልና ኣሎ። ኣዚና ክነመስግና ይግባእ።







ኣብ Ethio360 መድያ ቐሪቡ ዓብይ ዓሕመድ ናይ ቐረባ ዓርኩን መሳርሕቱን ከም ዝኾነ፣ ዋላ ድሕሪ እዙ ፅንተት ህዝብና እውን ዋላ ሓንቲ ቑም (ፅገም) ከም ዘይብሉ ፣ ብዓብይ ዓሕመድ ብምእሳሩ ኣዝዩ ሕጉስ ምኳኑ፣ ብሓባር ንምስራሕ ብሃንቀውታ ይፅበ ኸም ዘሎ ገሊፁ ኣሎ። እቱ ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ህዝብና ዝበልዐ ገበን ምፅናት ዘርኢ Genocide ድማ ክሒድዎ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ UMD መድያ ቐሪቡ እውን እቱ ኽሕደት ደጊሙዎ ኣሎ። ክንመሃረሉ ጥራሕ ይግባእ እምበር ምፅናት ዘርኢ ዝፈፀሙ ሓይልታት ክሕተቱ የብሎምን ዝብል ነውራም መልእኽቲ እውን ከመሓላልፍ ተራእዩ። ስለዙይ ንሕና ከም ውብኣ (ANU) ምስ OTNAA ነቕርበልኩም ዝነበርናን ዘለና ስሉሳዊ ሽርሓዊ ኹናት (Triangular Dirty Political war) ሙሉእ ብሙሉእ ይንፅርን ይረጋገፅን ምህላው ክነዘኻኽረኩም ንደሊ።

**[https://www.facebook.com/alula.sebagads.50/videos/5014389898667929/](https://www.facebook.com/alula.sebagads.50/videos/5014389898667929/)** ካብዙይ ብግልፂ ንርድኦ ዓብይ ነጥቢ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ጄኖሳይድ ዝፈፀመ ብዋናነት ባዕሉ ሽፍታ ጉጅለ ህወሓት ምኳኑ እዩ። እቶም ካልኦት ዓርሰ ምክልኻል ስራሕ እና ፈፂምና፣ ሕጊ ናይ ምኽባር ሓላፍነትና ተዋፂእና ክብሉ ይስምዑ ኣለው። እቱ ሕጊ ዝጠሓሰ ይኹን ናብ ካልኦት ፃውዒት ኲናት ዝገበረ ድማ ህዝብና ዘይኮነስ ባዕሉ ጉጅለ ህወሓት ምኳኑ ግልፅን ንፁርን እዩ። ብተወሳኺ እውን ጉጅለ ህወሓት ባዕሉ ከም ድፋዕ ዝጥቀመሉ ንህዝቢ ስለዝኾነን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ተሓቢኡ ስለ ዘጥቅዕን ዝፍክርን ካልኦቶም እውን ዓዲሙ ንዑ ግጠሙኒ ኢሉ

ክፅውዖምን ብቐጥታ ኣብ ህዝቢ ሓያል ገበን ኲናት ክፍፅሙን ተሓባቢሩዎም እዮም። ብመሰረቱ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ህዝቢ ኣምሓራ ወይ ዝተረፈ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ብሔረ ኣጋዓዚ ኣይኮነን። መሳርሕቲ ጉጅለ ህወሓት ዝኾኑ ሻዕብያ፣ ብኣዴን፣ ብልፅግና opdo ወዘተ ግን ፀላእቲ ህዝብና ምዃኖም ፍሉጥ እዩ። ብሓፈሻ ጉጅለ ሽፍታ ህወሓት ብስም ህዝቢ ትግራይ ብሔረ ኣጋዓዚ ዝፍፅሞ ዘሎ



ነውርታት፣ ተደጋጋሚ ክሕደታት፣ ፅንተት ህዝብናን ዕንወት ዓድናን ብትኽክል ምምርማርን መፍትሒ ምቕማጥን የድሊ ንብል። ኣብ መወዳእታ እዘም ናይ ህዝብን ዓድን ደሕንነት ክሕልው ሓላፍነት ሒዞም ዝነበሩን ንግሎምን ጉጅለኦምን ረብሓ ክብሉ ስልጣን (ሓላፍነት) ንሽፍታ ዓብይ ዓሕመድ ኣሕሊፎም ብምርካብ ንህዝብና ዘፅነቱ ብገበን ክሕተቱ ናይ ምግባር ግዴታ ከም ዘለና ክንርስዕ ኣይግባእን።

ጉጅለ ህወሓት ባዕሉ ቐንፂሉ ሓወልቲ ምስራሕ፣ ምስ ህዝቢ ሓቢሩ ምብካይን ምጭብርባርን ተግባሩ እዩ። ኣብ ተጋዳላይ ጋዜጠይናን መምህርን ስዉእ ኣታኽልቲ እንባየ ዝገብሮ ዘሎ እውን ንፁርን ግልፅን እዩ። ኣብዛ እዋን እዚኣ ብዙሓት ጀጋኑ ይስውኡ ኣለዎ እዮም። ጉጅለ ህወሓት

ግን ከምታ ዝሓለፈት ናይ 17 ዓመታት ቓልሲ ብግልፅን ሓላፍነት ብዘለዎን ሓበራዊ መርድእ ናብ ህዝቢ ትግራይ ኣየቕረበን። ህዝብና ስውኣቱ ኣበይ ተሰዊኦም ዝፈልጦ የብሉን። ኣብዙይ ሻዕብያ ንሕድሕድ ኤርትራዊ መርድእ ከም ዘቕረበ ይዝከር። ብኣንፃሩ ድማ ጉጅለ ህወሓት ነቶም ባዕሉ ዝቐተሎም/ዝቐንፀሎም ግን ተቐዳዲሙ ባዕሉ ተሰዊኦም ብዝብል ድራማ ንህዝቢ ከለዓዕለሎም ላሕ ይብል ክልተ ግዜ ይጥቀመሎም። እዙ ናይ ሕዚ ጉጅለ ህወሓት ኣብ Tig TV ብዝበተኖ ዜና ሓዘን ዝብል ድማ ናይዚ ነውራም ስራሕ መቐፀልታ እዩ። ጉጅለ ህወሓት ንኣታኽልቲ እምባየ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ዘባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ጋንታኣፈሹም ጣብያ ቤተ ሃወርያት ስርዓተ ቐብሩ ተገይሩ ዝብለና ዘሎ ዋና ምኽንያት ክነስተውዕሎ ይግባእ። ብመን ተሰዊኡ? ኣበይን መዓዝን ? ንምንታይ ከ ንበይኑ ንኣታኽልቲ ናብ ትውልዲ ዓዱ ወሲድካ ሬይሳ ምቕባር ኣድልዩ? ንምንታይ ከ ናይቱ ካልእ ዝስዋእ ዘሎ ትግራዋይ ናብ ሕድሕድ ትውልዲ ዓዱ እናወሰዱ ሬይሳኡ ኣብ ትውልዲ ዓዲ ክቕበር ዘይገብሩ? ወይስ ተጋደላይ ኣታኽልቲ ጥራሕ እዩ ተሰዊኡ ካልእ ዝተሰወአ ትግራዋይ የለን ዝብሉ ሕቶታት ክነልዕል ከለና ንረኽቦ መልሲ ንፁርን ዘየሻምን እዩ። ብስሩ ኸ እንታይ እሞ ይዓብስ ከምኒ ኣታኽልቲ ዝበሉ በላሕትን ተንተንትን ብህይወት ከለዉ ምስ ምሉእ ብቕዓቶም ዘየኽበርካ፣ ምስተሰውአ ነኽብረካ ምባል፣ ኣብ ትውልዲ ዓድኻ ሬይሳ ምቕባርን ሓወልቲ ምቕማጥን ንህንደድ? ንእልፊ በለፀይናታትን ብህዝቢ ናሽቀጡ ንውልቀኦም ዝሓስቡ ጥቕመኛታትን ክንጣበቕ ፤ ካብቶም ብዙሓት ናብዚ

ከይንወድቕ ክብ ከየብሉና ቦታ ዝኸላእናዮ ዝነበረ በሊሕ ወዲ ህዝቢ ሕዚ እውን ባዕሎም ረሺኖም ልክዕ ከምታ ናይ ሓውዜን ንህዝቢ ዓጋመ ከለዓዕሉሉን ክብለፁሉን ዝሓለሙዎ ነውራም ተግባር ምኻኑ እናፈለጥና ድኽመታትናን ውድቀታትናን ሽፍንፍን ኣይነብል። ቐታሊና ሓራዲና ፈሊጥና ንዘላቑ ፍታሕ ንቃለስ። ከይንዘናጋዕ እዙ ጉጅለ ገዛኢ ደርቢ ህወሓት ካብ ስልጣን ከይኣለና እንድሕር ቐፂልና ገና ብዙሓት ሓቀኛታት፣ በላሕቲ፣ ህዝባዊያን መራሕትን መምህራንን ከም ዝበልዐልና ከይንጠራጠር። ሕዚ ተጋደላይ፣ መምህር ጋዜጠኛ ኣታኽልቲ እምባየ ዝቐንፀሎ ናይ ሻዕብያ ሕቡእ ሰልፍ/መስርዕ ኣብ ውሽጢ ህወሓት ከም ዝኾነ ሓቃዊን ጭቡጥን መረዳእታን ሓበሬታን ቐንፀልቱ በዓል መን ምኺኖምን ኣበይን መዓዝን ከም ዝቐንፀሉዎ ስለዘለና ብዙሕ ንታለሉ ዕድላት የለን። ብኣንፃሩ ግን ንሕና ምስ መን ንነብር ከም ዘለና ደጊሙ ዘተሓሳሰበና ዓብይ ደወል እዩ። ንሕና ሕዚ ኣይንሓዝንን። ምኽንያቱ ኣብ ቓልሲ እና ዘለና። ኣብ ቓልሲ ድማ ብዙሕ ፀላኢ እዩ ዘለና። ንኣታኽልቲ እምባየ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ንቤተሰቡን ህዝብናን ፅንዓትን ይሃበና። ደሙ ደም ከልቢ ኾይኑ ከም ዘይተርፍ ንእመን፣ ንቃለስ፣ ንወደብ። ካልኣይ ክፋል (ኣታኽልቲ እምባየ መን ረሺኑዎ፣ ብኸመን ንምንታይን ፣ ኣበይን መዓዝን) ዝብሉ ሕቶታት ዝምልሱ ሓቃዊ ጭብጢታትን መርትዖታትን ከቕርበልኩም እየ።

**ኣብ ህዝብና ዝበፅሕ ዘሎ ተደጋጋምን ኩሉመዳያዊን ቕልውላው ንምፍታሕ ከም መማረፂ ሓሳባት!**

1) ኣብ ሓንቲ ውድብ ምእማንን ምንጥልጣልን ነታ ውድብ ጥራሕ እናመዓደኻ ምድቃስን የብቅዕ። ብዙሓት ነፃን ህዝባውያንን ትካላት ክሳብ ዘይሓዝና ንቕድሚት ፍሒት ክንብል ዝክኣል ኣይኮነን። ስለዙይ ንሓንቲ ውድብ ክንድዙይ ምሕላቕን ሕቕቕ ምባልን ገዲፍና ንረብሓናን ንውሕስነትናን ዝረባረባ ብዙሓት ውድባትን ነፃ ትካላትን ክህልዋና ይግባእ። እዙይ ድማ ብቓልስን ስራሕን እምበር ብትዕቢት፣ ብፀርፍን ትምክሕትን ዝመፅእ ኣይኮነን። ስለዙይ ንዓርስና ንፈትሽ። ሓታታይ ወለዶ ንህነፅ፣ ንዘላቒ ረብሓና ንቃለስ።

2) ናብ ትኽክለኛን ሓቀኛን መንነትና ንመለስ። እዙይ ማለት ትግራይ ዝብል ንኹሉና ተጋሩ ደቂ ብሄረ ኣጋእዚ /ኣክሱማውያን ዝሓቁፍን ዘላቒ ረብሓ ዘውሕስን ከም ዘይኮነ ኣብ መሬት ኩሉዕ ኢሉ ይርከብ። ዋላ ናይ ህወሓት ካድረታት እውን ትግራዋይነት ዝርድኡዎ በቓ ንህወሓት ዝኣምን ጥራሕ እዩ። በቓ ንህወሓት ዝነቅፍ ትግራዋይ ኣይኮንካን ይብሉዎ። ብኻሊእ መዳይ ድማ እታ ሕዚ ትግራይ ትብሃል ዘላ ኽባቢ ካብ መዓዝ ጀሚራ እያ ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ግልፂ መልሲ ኣይትርከበላን። ንምንታይ ከ እንደርታ፣ ቴንቤን፣ ሽረ፣ ኣክሱም፣ ዓድዋ፣ ዓጋመ፣ ራያ ወዘተ ዝብሉ ንቡራት መፀውዕታት ክጠፍኡ /ከይለዓሉ ትደሊ እዛ ትግራይ ትብሃል ናይ ህወሓት ካርታ ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ድማ ዋላ ሓንቲ ምኽንያታዊ መልሲ የለን። ሓድነትና ክፈላልዩ፣ ኣውራጃውያን እዮም ዝብሉኻ። ግን ሓድነት ማለት ናይ ኩሉና ላዛ፣ ዓቕምታት፣ ፀጋታት፣ ባህሊ፣ ታሪኽ፣ ሓድግታት፣ ባህግታት ብዝጩፍልቕ ሓደ ናይ መርዓን ቤተሰብን

ውድብ ህወሓት ዘይኮነስ "Diversity is our Beauty" ምዃኑ ዝኣምን ፍልልይና ከም ፀጋ ብምቕባል ኣብ ሓበራዊ ዕላማ ጥምረት ምፍጣርን ብሓባር ምርብራብን ምትሕልላይን እዩ ክኸውን ዝግባእ።

ከም ከማይ ካብ ሓበራዊ ዕላማ ፈጢርካ ብሓባርን ብማዕርነትን ምስራሕን ምጥቃምን ወፃኢ ህወሓት ዝመሰሎ ምሰል፣ ህወሓት ዝሓሰቦ ሕሰብ ካብዙይ ወፃኢ ትግራዋይ ኣይኾንካን ማለት ፀረ ተፈጥሮን ዘይመስልን እዩ እሞ ክነውግዶ ንስራሕ። ወይ ድማ ትግራይ ናይ ህወሓት እንድሕር ኾይና ህወሓት ዝብል ናብ ሙዝየም ነእትዎ እሞ ብምዕሩይ ናይ ብሄር ስምና ብሄረ ኣጋእዙ ክንፅዋዕ ይግባእ። ብስሩ ምስ ናትና ታሪኽን ላዛን፣ መንነትናን ባህልናን ርክብ ዘይብሉ ምብራቕ፣ ሰሜን፣ ደቡብ፣ ማእኸል ፣ ምዕራብ ዝብሃል መፀውዒ ምጥቃም ነውራም ተግባር እዩ። ብቕልጡፍ ናብ ምዕሩይ ስምናን መንነትናን ክንምለስ ይግባእ። ዓጋመ፣ እንደርታ፣ ራያ፣ ቴንቤን፣ ሽረ፣ ኣክሱም ወዘተ ዘይተኽብር ናይ ህወሓት ትግራይ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብላን። ንማርክስ፣ ሌኒን ተኽብር ንሃፀይ ዮሃንስ፣ ኣሉላ፣ ስባጋድስ፣ ካሌብ፣ ኢዛና ወዘተ ዘይተኽብር ትግራይ ክትቕፅል ምፍቃድ ዓርስኻ ብኻራ ምሕራድ ከም ማለት እዩ። እዙይ ክዕረ ንስራሕ በቃ ንዓርስና ንምሰል ናብ ትኽክለኛን ሓቀኛን መንነትና ንመለስ።

3) ተፈጥራዊን ሕጋውን፣ ታሪኻውናን ማሕበራውን መሬትናን ቐይሕ ባሕርናን ናብ ንቡር ንምምላስ ብሓባር ንቃለስ። ህወሓት ብዘይ ናይ ህዝቢ ይኹን ሙሁራት ፍቓድ ብኢደ ወነኑ ናይ በረኻ ተዋጋኣይ እናሃለወ ጀሚሩ ሃገር ንዘይነበረት ኤርትራ ባሕርና ዘረከበ ውድብ እዩ። እዙይ ድማ

ንህዝብና ካብ ዓለም ክግለል ዝገበረ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣስመራ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ብምቕማጥ ብተኸታታሊ ክፀንት ተገይሩ፣ ይቕፅል እውን ኣሎ። በቲ ባሕሪ ናይ ኣክሱማዊያን ደቂ ብሄረ ኣጋእዚ ምስ ዓለም ናይ ንግዲ ልውውጥ (International Trading) ይግበረሉ ነይሩ። ብዓለም ለኸ ዲፕሎማሲ እውን ብጣዕሚ ሓያል ዓቕምና ዕድልን ክንስእን ተገይሩ። ብሃገራዊ ፀጥታ (National Security) ዝምልከት ድማ ናብ መሃምቒ ክንኣቱ ገይሩና፣ ብዓል UAE ካብ ዓሰብ፣ ምፅዋዕን ካልኦት ወደባትናን እናተበገሰ ንልዕሊ 3000 ተዓቂቦም ዝፀንሑ ቅርስታትና፣ ገዳማትናን ሓድግታትናን ብድሮንን ሮኬትን ክሕምሽሹ ተገይሩ። ብሓፂሩ ባሕርና ሰዝተመንጠልና መውፅእን መእተውን ዘይብልና ክንተርፍ ተገይሩ። ሕዚ ብኹሉ ተኸቢብና ከም ህዝቢ ክንፀንት ይስራሕ ኣሎ። ብፍላይ መሬትና ናብ ዘይነበረ ዓፋርን ኣምሓራን ክኽለል ምግባሩ ብጣዕሚ ይድንፅወካ። ተቓሊስካ ዶ መሬትካን ባሕርኻን ንኻልኦት ትዕድል እኻ ? መልሱ ንዓኻትኩም ግን ሕዚ ውን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝበፅሕ ዘሎ ቐፃሊ ቕልውላው ንምፍታሕ መሬትናን ባሕርናን ክንምልስ ምስ ንኽእል ጥራሕ እዩ ይብል።

4) ንኣስመራን ኣ/ኣበባን ምጥማት ገዲፍና ማእኸል ፖለቲካል ኢኮኖሚ ክንከውን ይግባእ። እዙይ ንምግባር ድማ ትግራይ ብዝብል ናይ ህወሓት ካርታ ዘይኮነስ ኣስፍሕ ኣቢልና ብናይ ብሄረ ኣጋእዚ ስነሓሳብን ታሪኽን ክንቀሳቐስ ይግባእ። እዙይ ማለት እቲ ትግራይ ዝብል ዘይሓቑፎም ከባብታትን ህዝብታትን ብሄረ ኣጋእዚ ዝብል ንኽሓቑፎም ብምግባር

መሬትካን ሓይልኻን ምዕባይ /ምስፋሕ ይምረፅ። ብሄረ ኣጋእዚ እና ብግእዝ እና ንፅሕፍ፣ ታሪኽ ኣክሱም፣ ኣዱሊስ ናይ ኩሉና እዩ ፣ ምዕሩይ መፀውዒና ድማ ብሄረ ኣጋእዚ እምበር ኤርትራ ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራ ዶ ፣ ኢትዮጵያ ዶ፣ ትግራይ ዶ ዝብል ኣይኮነን ናብ ዝብል መርገፂ ዝበፅሑ ኣሓትን ኣሕዋትን ምሕቛፍ ክንጅምር ይግባእ።

ብሄረ ኣጋእዚ ድማ መሬቱ ክሳብ እዙ ሕዚ ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ኤርትራ ዝብሃል ዘሎ ኹሉ ዘጠቓልልን ዝዓብን እዩ። እቲ ባሕሪ ድማ ናይ ብሄረ ኣጋእዚ እምበር ናይ ኤርትራ ዝብሃል ባሕሪ የለን። ስለዙይ ብሄረ ኣጋእዚ ዝብል ስነ ሓሳብ ንቲ ናይ ማርክስ፣ ሌኒን ዝብል ኮሚኒዝም ስነ ሓሳብ እንድሕር ስዒሩዎ ማእኸል ፖለቲካ ኢኮኖሚ ቐርኒ ኣፍሪቃ ንሕና ምኺና ዘይተርፍ ይኸውን።

5) ነዘን ላዕሊ ዝጠቐስኩወን ዕላማታት ናብ ተግባር ከውዕላ ዝኽእል ናይ መድያ ፣ ደህንነት/ስለላ ፣ ወታደራውን ፋይናንሳውን ትካላት ንወንን። ነዚኦን ክመርሑ ዝኽእሉ ውፉያት ደቂ ህዝቢ ንምረፆም፣ ህዝባውን ታሪኻውን ሓላፍነት ንሃቦም።

እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ዓበይቲ ዓላማታት ንምስኻዕ ትካል ውድብ ብሔረ ኣግኣዚ / Agaezi National Union Party/ (www.anu-party.org) ዝከኣሎ ኹሉ ንምግባር ድልዊ እዩ። ክንጥቀመሉ ይዕድመኩም። ሙሉእ ዓቕምናን ተመክሮናን ፀንቂቕና እንተሰሪሕና ክንዕወት ንኽእል።

## ተደጋጋሚ ዕፅዋን ክባን መፍትሒኡ እንታይ እዩ?

## ዕፅዋን ክባን ከመይ ይፍንፃሕ ?

ህዝብና ብሰንኪ መራሕተይ ዝብሎም ተኸቢቡ ይፀንት ኣሎ። ካልእ ውዳበ ፈጢሩ ንዓርሱ ኽይከላኸልን ነዚ ዝገጠሞ ዕፅዋ ፈንፂሑ ኽይወፅእን ህወሓት ይዕፍኖ ኣሎ። ብኣንፃሩ ድማ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ካድረታት ህወሓት ሎሚ እውን ከምቱ ልሙድ ብስም ለካቲት ገንዘብ ይእክቡን ጅባኦም የሕቡጡን ኣለው። ብደማዊ ኹናት ቢልዮኖራት ይኾኑ ኣለው። ዝነበረና ዋንነት ቐይሕ ባሕርን ስፍሓት መሬትን፣ ህዝብን ዓድን ስኣና /ሓረመና እምበር ብህወሓት ሓርነትና ኣይተረጋገፀን፣ ንቕድሚት እውን ብህወሓት ሓርነትና ኣይክረጋገፅን። እቱ ሓቂ እዙይ እናሃለወ ህወሓት ግን ንልዕሊ 47 ዓመታት ሓርነት እናበለ ይፃወተልና ኣሎ። ህወሓት ኣብ ሓርነት ትግራይ ብሔረ ኣጋእዚ ዘይኣምን ላቲን ኦሮሞ ገዛኢ ጉጅለ እዩ። ስለዙይ ክቡራትን ክቡራንን ፣ የካቲት 11 ንህዝብና ከም ዘይጠቐመት ሓያል ጎስጓስ ብምግባር ነዚ ናይ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ካድረታት ህወሓት በለፅን ቑማርን ክንስዕሮ ይግባእ። ዓመት ዓመት ገንዘብን ደምን ህዝብና እናሰተዩ ክነብሩ ኣይንፍቀድ። ብደም ህዝብና ቢልዮኖር ዝኾኑ ስድራ ስብሓት ነጋ ይኣኽለኩም ክንብሎም ይግባእ።

ቕድሚ ሃገር ምእዋጅና ባሕርና ክነምልስ ይግባእ ንብል ዘለና ንምንታይ ይመስለኩም ? በዓል Assena TV (ኣምኒኤል ተጋደላይ ሻዕብያ) ስራሖም እዮም ዝገብሩ ዘለው። ካብ ኢሳያስ ዝኸፍኣት ኤርትራ ከቐፅሉ ምስ ህወሓት ሓቢሮም ኦንፃር መፃእን ባህግን ህዝቢ ግእዝ ይሰርሑ ኣለው።

እዙይ ንዓና ንውብኣ ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን። ነገር ግን እዞም ባሕሪ ኣይናትና ዝብሉ መብዛሕቲኦም ካብ ስርዓት ዓድዋ ህወሓት ምኂኖም ከይትስሕቱዎ፣ እዙይ ድማ ሱቕ ኢሉ ዝመፀ ዘይኮነስ ካብ ጥልያን ጀሚሩ ዝቐፀለ ባንዳነትን ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብን ነውራማ ተግባር ናይ ባዕሉ ምኽንያትን መበገስን ኣለዎ። ስለዙይ ግዲ የብልኩምን ንመዝግቦም ነዞም ባሕሪ ኣይናትናን ኣይምልከተናን ዝብሉ ዘለው፣ ግዜ ኣለዎ እዩ ንኹሉ ነገር፣ ሒሰቦም ክረኽቡ እዮም። ኽምዙይ ዝበለ ነውራምን ሕሱርን ሕሽክርናን ኽድምናን እንዳ ህወሓት ኹሉና ተጋሩ ብሔረ ኣጋእዚ ክንፅየፎ ይግባእ ። ውብኣ ብመፅናዕቲ ተደጊፉ ኩሉ ናይ ትማልን ሎምን ብዕሊ ይፈልጥ እዩ። ተጋደላይ ህወሓት ንምኺን እቱ ቐዳማይ ረቋሒ ላዕላውነት ኤርትራ ወይ ድማ ሃገርነት ኤርትራ ምቕባልን ምእማንን እዩ ነይሩ። ነዛ ረቋሒት እዚኣ ዘይኣምን ተጋደላይ ህወሓት ኮይኑ ክቕፅል ፍፁም ዝፍቀድ ኣይነበረን። ብምኺኑ ድማ ዝርሸን ተረሺኑ ፣ ዝጠፍእ ጠፊኡ እዩ። ስለዙይ ካብ ተጋዳላይ ህወሓት ቐይሕ ባሕሪ ናይ ተጋሩ ብሔረ ኣጋእዚ ኣይኮነን፣ ላዕላውነት ኤርትራ ወይ ሞት እንተበልኹም ብዙሕ ክገርመኩም የብሉን። ምኽንያቱ ንትግራይ ሓራ ንምውፃእ ዘይኮነስ ንኤርትራ ሓራ ገይርካ ሃገር ምግባርን ንዝሰዓርናዮ ወራሪ ጥልያን ስነ ሓሳብን ዕፀዋን ፕሮጀክትን ህይወት ክሰርዕ ምግባርን እዩ ነይሩ። ብስሩ ክንፈልጦ ዘለና ጉዳይ ኤርትራ ሃገር ወይ ላዕላውነት ዝብሃል እውን ንህዝቢ ኤርትራ (ምዕሩይ ስሙ ብሔረ ኣጋእዚ) ዘይኮነ ኣረኪቦሙዎስ ንሓድ ሽፍታ ጥልያን ሻዕብያ እዮም ደርብዮሙሉ። ነዙይ እየ እዙ ህዝቢ እዙይ ናፅነት ዘይኮነስ ባርነት ውሽጢ

ኣትዩ ፋሕፋሕ ክብልን ክጠፍእን ዝፈረዱዎ። ብዓል ረዘነ ሃብተ ዝመሳሰሉ ብሉፃት ኤርትራውያን (ብሔረ አግዓዚ ) "ደም ዝተከፈሎ ባርነት " ብዝብል መፅሐፍ ዘረጋገፁዎ እውን እዙይ እዩ:: ካልእ ክፍለጥ ዝግበኦ እዞም ሰባት ምኒልክ ምስ ጥልያን ሓቢሩ ፈልዩና ይበሉ እምበር ሌጋሲ እዞም ክልተ ሰባት ንምቕፃል ክሳብ ሕዚ ህወሓት ይኽድምን ይሕሽክርን ከም ዘሎ ክንስሕቶ ዘይብልና ወድዓዊ ሓቂ እዩ። ብስሩ እውን ቐይሕ ባሕርና ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነ ዝጥቀመሉ ዘሎስ ናይ ነዊሕ እዋናት ስትራቴጂካዊ ፀላእትና እዮም። ካብዚ ንብረትና እናተልዓሉ ህዝብና ይጨፍጭፉዎን ይድብድቡዎን ከም ዘለው ምግንዛብ ክንርስዕ ኣይግባእን። ነዙ ኸምዙይ ዝበለ ነውራም ተግባራት ህወሓት ስዒርካ ምትዕርራያት ንምግባርን ዘላቒ ረብሓን ባህግን ህዝብና ናብ ተግባር ንምቕያርን ኹሉ ህዝቢ ብሔረ ኣጋእዚ ክሓብር ውብኣ ግልፅን ቕኑዕን ማኔፌስቶ /ዓላማ ሓንፂፁ ይፅበየኩም ኣሎ። ክልተ ሸፋቱ ህግደፍን ህወሓትን ህዝብና ብኽልቲኡ ሸነኽ እናብረሱዎ ሱቕ ኢልና ክንርኢ ኣይግባእን።

ብሓፈሻ ኹሉ ክንፅረሉ ዘለዎ ባሕሪ ኤርትራ ዝብሃል የለን፣ ኣይነበረን ንቕድሚት እውን ፍፁም ኣይክህሉን። እቱ ባሕሪ ናይ ብሔረ ኣጋእዚ ኣክሱም ምስ ኣዱሊስ እምበር ናይ ጥልያን ኤርትራ ባሕሪ የለን። እንዳህወሓት ኸምዙይ ኢልኩም ሕስረትኩም ናብ ዕዳጋ ካብ ተውዕሉ ክትሕብኡ ይግባእ። በቃ ነዚ ህዝቢ ብሔረ ኣጋእዚ ሸለል በሉዎ ፣ ፖለቲካዊ ቑማር ይኣኽለኩም። ተጋሩ ብሔረ ኣጋእዚ ድማ ተበራበሩ ውሽጣዊ ፀላኢኹም ብንፁር ፍለጡ ክንብለኩም ንደሊ። ቓልስና ቕኑዕ፣ መሪርን


ውብኣ (ANU)
www.anu-party.org , voiceofgeezpeople@gmail.com

ሓቃውን እዩ፣ ከም ዝዕወት ድማ ዋላ ሓንቲ ጥርጥር የብልናን። እቲ እንኮ ዘላቒ ፍታሕን ረብሓን (Sustainable social justice and interest) ዘውሕስ ናይ ውብኣ ቕኑዕ ሓበራዊ ዕላማን መትከልን እዩ። ስለዙይ መንእሰያትና ግዜኹም ተጠቐምሉ፣ ንዘላቒ ረብሓኹምን መንነትኩምን (Sustainable social interest and common social identity=GEEZ) ተቓለሱ ንብለኩም። ናይ ጉጅለ (ውልቀሰባት) ረብሓ ንምሕላው ዝግበር ቓልሲ ዘላቒነት የብሉን፣ ፈራሲ እዩ። ስለዙይ ንሓበራዊ ረብሓ (Common social interest)፣ ንሓበራዊ መንነት / ቋንቋ (ዘመናዊ ግዕዝ) (Common social identity and langauge)፣ ንሓበራዊ ባህጊ (Common aspirations) ከምኡ እውን ናይ ሓባር መፃኢ (Common social future) ንምውሓስ ዝቃለስ ህዝባዊ ውድብ ብሔረ ኣጋእዚ (ውብኣ) ክተጠናኸሩ ንዕድመኩም። ቐይሕ ባሕርን ፊደልና ግእዝን ክልተ ካብቶም ዝጥርንፉና ዓንድታት እዮም። ስለዙይ ንሕበር ህዝብናን ዓድናን ክነቐፅልን ክነውሕስን ንረባረብ።

አርባዕተ አስመራ ብደቂ ዓጋመ ብሔረ ኣግኣዚ እዩ ተመስሪቱ ደሓር ወራሪ ጥልያን መፅዩ ደቂ ዓጋመ ብሔረ ኣግኣዚ ጨፍጪፉ አባርሩዎም ካብ ዝመስረቱዎ ከተማ።






ጥያ ፣ዳህላክ፣ መረሳ ተክላይ፣ አዱሊስ፣ ምፅዋዕ ወዘተ እውን ናይ ዓጋመ ብሔረ ኣግኣዚ (native land and natural territory of Agame Agaezi) እዩ... ሽፋቱ ከንሻ ትግሬ ዓድዋ ግን አሕልፎም ሸይጦሙዎ ::

ዙላ፣ ዒራፋይለ፣ ገላዕሎ፣ ማርሳ ፋጡማ ፣ ሞራን ሆረናን ኩሎም ናይ ዓጋመጉዛይ ምድረቡሑር ብሔረ ኣግዓዚ ወደባትን ዓለም ለኻዊ መዕርፎ መራኽብን ምንባሮም ስነዳን መፅናዕትን ውብኣ ይሕብር። ይኹን እምበር ንዞም ወደባት ብምዕፃው ንህዝብና ዘፅንቱ ዝርከቡ ባንዳታትን መሳርሒ ባዕዳዊ ሓይልታትን ዝኾኑ ህግደፍን ህወሓትን እዮም። ህግደፍ

ኣብ ኤርትራ ንህግደፍ ዝተቋወመ ኣስላማይ ጅሃዲስት፣ ንክርስትያን ድማ ትግራይ ብዝብል ይቐትልን ይሓርድን ። ህወሓት ድማ ሻዕብያ፣ ኣምሓራይ፣ ኣሸባሪ እናበለት ትሓርድን ትቐትልን። ንዙ ስራሕ እዙይ ዝውዕላ ኣብ ትግራይን ኤርትራን ልዕሊ 1000 ዘይሕጋውን መሕረድን እስርቤታት ይርከባ። ንህግደፍን ህወሓትን ዝቋወም ሰብ ድማ ትግራዋይ ኣይኮንካን፣ ኤርትራዊ ኣይኮንካን ወዘተ እናበሉ ንቱ ነባር (በዓለርስቲ) ዝኾነ ህዝቢ ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) ኣብ ምፅናት ዝርከቡ እዞም ክልተ ጀኖሳይደራት ህግደፍን ህወሓትን እዮም። ንዞም ዴክታተራትን ፀረ ወዲሰብን ዝኾኑ ክልተ ሽፋቱ ንምቕባር ውብኣ ብዓለም ለኸ ደረጃ ውዳበታት ፈጢሩ ኣብ ምቕላስ ይርከብ። ሙሁራት፣ መናእሰይ፣ ደቂ ኣነስትዮ ግእዝ ንዙ ውዳበ እዙይ (ውብኣ) ክትሕግዙን ክተበራትዑን ህዝባዊ ፃውዒት ይግበረልኩም ኣሎ። እዙ ህዝቢ እዙይ ካብ ዝኾነ ማ/ሰብ ዓለም ሓገዝ ከይረክብ ብዕላማን ብፕሬግራምን ዝተሓንፀፀ ስለዝኾነ ንምቕላስ ኣዝዩ ኸቢድ ምኧኑ ይፍለጥ እዩ። ሲያድ ባረ፣ ጋዳፊ፣ ባሻር ዓሳድ ፣ ሑሴን ሙባረክ፣ ዑመር ኣልበሽር፣ ሳዳም ሑሴን ፣ መለስ ዜናዊ ወዘተ ኹሎም ተደርብዮምን ተዃሒፎምን እዮም። ስለዙይ ንኢሳያስን ስብሓት ነጋን ዝፈጠሩዎ ፀረ ህዝብን ምድርን ግእዝ ንምጉሓፍ ምስ ውብኣ ተወዲብና ክንረባረብ ይግባእ። ትንሳኤ ብሔረ ኣግዓዚ ብውብኣ ይረጋገፅ!!



"ኣዴታትና ሸጥ መዓንጣ !! ኣዴታት ህዝብን ምድርን ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) ክብሪ ይግበኦን። ዘዝወለዳኦም ደቀን ብሸፋቱ እንዳህወሓት መዝሓሊ ዓረር ኾይኖም፣ ሬይሳኦም ፎቆዶ በረኻ ሸንጥሮ ተደርብዩ፣ ደሞም ከም ደም ኽልቢ ኽንቱ ኾይኑ ፈሲሱ ክተርፍ ኣይግባእን። ይኣኽለና ይብላ ኣለዋ። ሸፋቱ ህወሓት ግን ዝሰምዕ እዝኒ



ስለዘይብሎም ብዝኣምኑዎ ክንገጥሞ ይግባእ። ኽመይሲ ሸፍታ ሓራዲ ህዝቢ ፍትሒ ክህበካ ምሕታት ማለት ብዕራይ ምራኽ (ብተይ) ወሊዱ ፀባ ከጥቡ ከም ምፅባይ እዩ ዝኸውን። ፍትሒ ንዘይፈልጥ ሸፍታ ዓማፃይ ሓይሊ ብዝኣምነሉ ክትነቕሎ ኹሉ ምድላዋት ምግባር ግድን ይኸውን። ሸፍታ ህወሓት እምነት ተዋህዶ ንምጥፋእ ድማ ዘይፍንቅሎ እምኒ የብሉን። መጠምጠሚ ገይሮም ብሬን ዝሽከሙ ሸፋቱ ፈጢሩ ተዋህዶ ክትውቃዕ ዝከኣሎ ኹሉ ይገብር ኣሎ። ንሸፍታ ነብሰ ገዳይን ሰራቂ ህወሓት ብመረፃ ዶ ብሰለማዊ ሰልፊ ክትስዕሮ ምሕሳብ ዕብዳን እዩ ። ሸፍታ ጉጅለ ዓድዋ 50 ዓመት ሰለማዊ ሰልፊ ፈቂድልካ ዘይፈልጥ ጉጅለ ከም ናህትካ ትሪኢዮ እንተኮንካ እቲ ሽግርካ ፈትሽ ። ሎሚ ከምቲ ዝሓለፈ ሱር ነቀል ለውጢ ዝብል ንህዝቢ

ንምቅጥቃጥ ሽርሒ ዝተገበረ ዓይነት ዝከፈኣ ኣደመ ግምት እንዳበሉ ግን ኩሎም ብሓደ ፍትልን መርፍንን ከመይኖም ከምዝሰርሑ ውብኣ ደጋጊምና ነገርና ኢና ::ብጀካ ውብኣ ከምዚ ዝበለ ፍሉይ ሓቂ ዝነግር የለን ኣይነበረን ግን ትግሬ ሓሳዊን መላክዒ ስለ ዝኮነ ጩርቂ ቤትናም ሽፋቱ ህወሓት ተሽኪሙ ካብ ሽፍታ ፍታሕ ክልምን ዘይምብሳል እዩ ። ብምንታይ ሞራል ኢካ ናይ ህወሓት ጨርቂ ባንዴራን ኣርማን ሒዝካ ትቃወሞ :: ቅድሚ ምቅዋምካ ኣስተውዕል እንታይ ይገብር ኣለኩ ኢልካ :: ታርክን ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ህወሓት ኣስተውዕል ። ህወሓት ፀረ ብሔረ ኣግኣዚ በታኒ ሓይሊ እዩ :: ትግሬ እውን ናይዚ ኣካል ተሓባባሪ ፀረ ታርክናን መፃኢናን እዩ። ንብዙሓት መናእሰያት ዝጭፍጭፍ ኣገልጋሊ ህወሓት TDF ዝባሃል ስልጣን ሓላዊ ህወሓት ብምካን ሲናፐር ተሽኪሙ ኣብ ከተማ መቀለ ኩላ ኩርናዓት ሰብ መእተዊን መውፅእን ከሊእዋ ኣሎ ። ህወሓት ከም ሓደገኛ ገዳይ ምካኑ ክሳብ ዘይኣምንካ ክጭፍጨፈካ እዩ :: ምክኒያቱ ዘገልግሎ ንህወሓት ባዕልካ ኢካ ብሓሰውቲ ካድረታት ፡ሚዲያ ፡ገንዘባዊ ሃፍቲ ጉጅለ ልምዓት ፡ምልሻ TDF ወዘተ እዚኦም ኩሎም እንድሕር ሲኢንዎም ህወሓት ይዳከም ይወድቅ ።

ንዝብኢ /ተመን ብጥራሕ ኢድካ ምስዓር ይከኣል ዶ? ዴሞክራሲ ትግሬ ኣብ መቐለ ብኸምዙይ ንቶም ሰልፊ ዝወፁ ናይ ግምት ዶ ገለ ዶ ዝብሃሉ ሓመድ ገይራቶም ኣላ። ንሕና ከም ውብኣ እኮ ተዛሪብና ህወሓት ብሰለማዊ መንገዲ ካብ ስልጣን ኣይወርድን። ትግሬ ግን ብድንቁርናን ብትዕቢትን ዝተወጠረት ፈካሪት እያ ንብል ብምኽንያት እዩ። ብብተረ

ዝተደብደቡ፣ ዝቖሰሉ መን ይቑፀሮም። ንምንታይ ግን እዙ ህዝቢ ህወሓት ከም ፀላኢኡ ክርድኦ ዘይኽኣለ ክሳብ ሕዚ ልዕሊ 50 ዓመታት ሰላማዊ ሰልፊ ክገብር ዘይፈቕደሉ ሽፍታ ቐታሊ ህወሓት ይድግፍ ? ንምንታይ ጨርቂ ኣልባንያ ወቻይና pagan ኣረማዊ ጉጅለ ህወሓት ይሽከም ? ንምንታይ ግን ብተደጋጋሚ ብሸፋቱ ህወሓት ይድብደብ ? ንምንታይ ግን ዘይነቅሕ ሱቕ ኢሉ ዝድብደብ ? ይገርመና ኣሎ። ዓማፂ ሓይሊ ትግሬ ሓያሎ ሰራዊት ናብ መቐለ ኣእትዩ ንቱ ህዝቢ ሓመድ ብምግባር ናብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ዝወስዱ ኩሎም መንገድታት ዓፅዩዎም ይርከብ። ብ ስናይፈር ዝተዓጠቑ ቐተልቲ ሽፍታ ህወሓት ናይ TDF ክዳን ዝተኸደኑ ኣብ ሕድሕድ ኣንጎሎ ንህዝቢ መቐለ ይሕለውን ይዕፍኑን ኣለው ። ሰብ ካብ ገዝኡ ምውጻእን ናብ ገዝኡ ምእታውን ተኸሊኡ ፣ ናብ ቤተ-ክርስትያን ምእታው ተኸልኺሉ፣ ናብ ባንክን ካልኦት ግልጋሎት ዝህቡ ትካላት ምእታው ተኸልኺሉ፣ ጋዜጠኛታትን ካሜራማናትን ተወቒዖምን ተደብዲቦምን ይሳቐዩ ኣለው። እሞ ሕዚ ኸ ህወሓት ሽፍታ ቐታሊ ፣ ሓራድን ኣረሜንን ፀረ ህዝብን ምድርን ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) ምኳኑ ክስቆረኩም ጀሚሩዶ ? ንዙይ ከመይ መንግስትና ክትብሉዎ ትግዕሩ ? ትግሬ ፀረ ህዝብን ምድርን ግእዝ !!!

# ሰለስተ ናይ ባሕሪ ንግዲ ልሳናት

# ንጥቀም ነይርና (ግእዝ፣ ግሪክ፣ ሣባ)




ብኽልቲኡ ገፅ ቐይሕ ባሕሪ (two sides of the Red Sea) ብምቑፅፃር ኣብ ዓለም ልዕለ ሓያላት መንግስታት ኾይኑ ዝነበረ ህዝቢ ብሄረ ኣጋእዚ ሕዚ ብክልተ ሸፋቱ ክፀንት ኸሎ እናረኣየ ከም ዘይረኣየ ዘስቅጥ ሙሁር በሃላይ ክትርኢ ኸለኻ ኣዝዩ የደንፅወካ። ከም ሓቃዊ፣ ህዝባዊ፣ ፍትሓውን ናይ ትውልዲ ተቆርቋርን ሙሁር ድማ ናብቲ ንቡር ክምለስ ክትፅዕር ትግደድ። ነገር ግን ንኸብዶም ጥራሕ ብዝሓስቡ ኣዛብእ ካድረታት ክትፅረፍን ክትድሃልን ኸለኻ ድማ እቱ ህዝቢ ንዘላቑ ረብሓኡ ክብል ንምንታይ ዘይቃለሶም ርእሱ ኣድኒኑ ከም ባርያ ይነብር የግርመልካ። ናይ ዓለምና ንግዲ /ቑጠባ ማእኸል ቐይሕ ባሕሪ ናብ ካልእ ኣረኪቡ ናብ ሸዋ

ዝጉምባሕ ጉጅለ ህወሓት እናምለኸ ናባና ርስሓቱ ክተፍአልናን ክድርብየልናን ዘደንቁ እዩ። ንሕና ምስ ኣውሮፓ፣ ኤሽያ፣ ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራት ምብራቕ (ዓረብ) ዘራኽበካ ቐንዲ ማእኸል ንግዲ ፣ ዴፕሎማስን ፀጥታን ዓለምና ዝኾነ ቐይሕ ባሕርኻ ንኽትውንን ዝከኣለና ኹሉ ዓይነት ቓልስታት ክነካይድ ተበጊስና ኣለና፣ ስትራቴጅናን ፖሊሲንን፣ ፕሮግራምና ስልታዊ ቓልስናን ነዙይ ይመስል ኢልና ብፅንዓትን ብምርምርን ክንዲ ዘቕረብናስ ተገልቢጡ ከም ኽልቢ በረኻ ንዓና ዝናኸስ ትውልዲ ተጫጪሑልና። ንክልተ ሽፋቱ ህግደፍን ህወሓትን ከምልኽ ንዓና ሽምናን ዘይሽምናን ከፀልመና ንዕዘብ ኣለና። ኣብ ካሊእ ዓለም /ሃገር እንተዝኸውን ነይሩ ሽልማትን ክብርን ምሃበና ነይሩ፣ እዚ ድሑር ፀረ ረብሓኡ ጠጠው ዝበለ ዕስለ ግን ኣባና ዝፍፅሞ ዘሎ ናይ ድሕረትን ድንቁርናን ጎስጓስ ብሓቂ ዘስደምም እዩ። ከምዙይ ኢሉ ዝቕፅል እንተኾይኑ ድማ ክንቃለሰሉስ ይትረፍ ገፁ ክንርእዮ እውን ዘጠራጥርን ዘተሓሳስብን እዩ። ከመይሲ ባርነቱን ድሕረቱን፣ ስደቱን ድኽነቱን ፣ ድሕረቱን ድንቁርናኡን ዝመርፅ ህዝቢ ምንም ክትገብሮ ኣይትኽእልን ፣ ተሸኪሙኳ ናብ ረግረግ ክጥሕል ይኽእል እዩ። ሽኽሚ ሕ/ሰብ መንጨብጨቢ ሽፋቱ ዶ ሙሁር ይበሃል እዩ? ብፍላይ እዚ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝርከብ ህዝቢ ፣ ሙሁር በሃላይ ህወሓት ህግደፍ እናበለ ክኽድምን ክሕሽክርን፣ ከንጨብጭብን ክጉምባሕን ክትርኢ ኸለኻ ኣዝዩ የሕፍረካ። ብጣዕሚ ድማ ካብ ልብኻ ምሒር ትሓዝን።

ካብ 1967 ዓመተ ግእዝ ጀሚሩ ጉጅለ ስርዓት ከንሻ ዓድዋ ትግሬ ኣንፃር




ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ዓጋመ ብሔረ ኣግዓዚ እዩ ተዓሲቡ ናብ በረኻታት ሳሕል ዘምርሐ። ሸው ዝተውሃቦ ተልእኾ ኤርትራ ብነገስታት ዓጋመ ብሔረ ኣግዓዚ ዝተገዝአት ዓዲ (ሃገር) እያ ኢልካ ፈርመልና ናብ ስልጣን ክነደይበካ ዝብል ነይሩ። ሓለቓ ባንዳታት ስርዓት ከንሻ ዓድዋ ትግሬ ድማ ብዘይምንም ምውልዋል ንዙይ ተቐቢሉ ኤርትራ ላዕላዊት ነፃ ሃገር እያ ዝብል ጨርሖን መዝሙርን ተሸኪሙ ንቶም ብሓሳብ ዝሞጎቱዎ ደቀባትን ጨዋታትን ብሔረ ኣግዓዚ ኣብ ሓለዋ ወያነ ዝተብሃለ ናይ መርሸንትን ማሕረድን ትሕቲ መሬት እናእተወ ብዘይምሕረት ምሕራድን ምቕንፃልን ስራሐይ ኢሉ ተግባራዊ እናገበረ ልዕሊ 100,000 ንፁሃት ደቂ ብሔረ ኣግዓዚ ምፅናቱ ይፍለጥ። ብፍላይ ናይ ቃሌማ፣ ወርዕ፣ ዓሊተና ግህንብን እንዳነይቅበፅኒን ዝበሉ ናይ ስኦል እስርቤታትን ቤትማሕረዲ ወዲሰብን ዝተሸከሙዎ ግፍዓውን ኣረማውን ጨፍጫፍን ንምፅሓፉ እውን ኣዝዩ ዘፀግም ፣ ኣብዛ ዓለምና እውን ክግበር ኢልካ ፍፁም ዘይሕሰብ ጉዳይ እዩ። ብሓፈሻ ግን ንቶም

ንሕና ኣካል ቐይሕ ባሕሪ እምበር ዕፅዋትን ክቡባትን ኣይኮናን ኢሎም ዝቃለሱ ዝነበሩ ከም በዓል ግገሓት፣ ኢህኣፓን ኢድዩን ምስ ወራርን ሽፍታን ሻዕብያ (ህግደፍ) ሓቢሩ ብሽርሕን ክሕደትን ንተዓረቕ ብሓባር ንቃለስ ኢሉ ብምትላል ደቂሶም እናሃለው ክሓርዶምን ክቕንፅሎምን ምኽኣሉ መዝገባት ታሪኽ ዝመሰክሩዎ ወድዓዊ ሓቂ እዩ። ብዓል ስብሓት ነጋ (ወ/ስላሴ ነጋ)፣ ገብሩ ኣስራትን ኣስገደ ገ/ስላሴን እውን ንዙ ሓቂ እዙይ ምስክርነቶም ምሃቦም ይፍለጥ። "ንሕና ከም ህወሓት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ካብ መፈለምትኡ ጌጋ ተበግሰ ሒዝና እና ተላዒልና፣ ብዘይመፅናዕትን ፖለቲካዊ ርድኢትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ብባዕዲ ዝተገዝአት እያ ዝብል መሰረታዊ ሽግር ዘለዎ ውሳነ ሒዝና መፂና፣ ሻዕብያ ጀብሃን ካልኦት ዓረብ ሃገራትን ዘቐመጥዎ ኸምዘለዎ ሒዝና ቐፂልና " ኣቶ ገብሩ ኣስራት ። ብምቕፃል "ብቐጥታ ናፅነት (automatic independence) ዝብል ጉዳይ እውን ካብዚ ዝተስሓሓተ/ብመፅናዕቲ ዘይተደገፈ ስሑት ቑዋምና ዝብገስን ናይ ኢትዮጵያ ረብሓ ዘየኽብርን ጌጋን ዘይሕጋውን ኸይዲ እዩ" ይብል።

ህወሓት ምስ ሻዕብያ ሓቢሩ ንግገሓት፣ ኢህኣፓ፣ ኢድዩ ዝቐንፀሎምን ዘጥፍኦምን ምስ ሻዕብያ ሓበራዊ ዕላማን ፕሮግራምን ስለዝነበሮ ድዩ ወይስ ከም ኤርትራዊ ሓይሊ ኾይኑ እዩ ኤርትራ ንምግንፃል ንሻዕብያ ሓጊዙ ክሰብ መወዳእታ ዘሊቑ ? ናይ ህግደፍ ሻዕብያ ፕሮግራምን ትልምን ምስ ህወሓት እንታይ ዘራኽብ ነይሩ? ሻዕብያ ካብ ኤርትራ ተገንፂሉ ቐይሕ ባሕሪ ዝሓዘተ ሓዳሽ ሃገር ክሰርሕ ይቃለስ ነይሩ እንተልና ህወሓት ከ ምስ ሻዕብያ ሓቢሩ ንኢትዮጵያ ከፍርስ ክሰርሕ ኸሎ እንታይ ዓይነት ብሔራዊ ዕላምን ፕሮግራምን ከሳኽዕ እዩ ቐፂሉ? ባንክታት ምዝራፍ፣ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ

ትካላት ከም ድልድይ ኣላጀ ዝበሉ ምፍራስ፣ ህዝብና ዝማረኸን መኪናታትን ኣፅዋራትን ንሻዕብያ ኣሕሊፍካ ምህጋር ፣ ዕጥቅን ስንቅን ካብ ሓረስታይ ትግራይ ናብ ሳሕል ምልኣኽ ፣ እቱ መስዋእቲ ናይ ኤርትራ ጥራሕ ገይርኻ ክቕረፅግባር ካብ ምንታይ ዝተልዓለ ነይሩ ምባል ይከኣል ? ናይ ሶማልያ፣ ዓረብ ሃገራትን ህዝብን ዘዋፅኦ ገንዘብ ንሻዕብያ ኣሕሊፍካ ምሃብ ንምንታይ ኣድለየ ? ድሕሪ ኤርትራ ሃገር ምግባር እውን ካብ ሑሞራን ዓጋመን ብሓያል ግፍዕን ወራርን ሻዕብያ ከም ድላዩ ክወርርን ክሰርቕን ከሎ ህወሓት ንምንታይ ሱቕ ኢሎም ይዕዘቡዎ ነይሮም ? ንኣብነት ኣቶ ገብሩ እስራት ንልዕሊ 38 ሚልዮን ብር ዝግመት ሰሊጥ እናወረሩ ንሻዕብያ ሒዝናዮም ክብል ፅሒፉ እዩ። ብቡና እውን ብሓያል መንገዲ ኮንትሮባንድ ይሰርሑ ነይሮም፣ ቡና ዘይብሎም እናሃለው መበል 13 ሃገር መቕረብቲ ቡና ኾይኖም ነይሮም ብዓፋር ገይሮም እናውፅኡ። ከባቢ 1.2 ቢልዮን ብር ናይ ኢህወዴግ ስራሕ ፈፃሚ ይኹን ካቢኔ ከይፈለጦ ብትእዛዝ መለስ ዜናዊ ጥራሕ ንሻዕብያ ከም ዝተውሃቦም ይፍለጥ ይብል ኣቶ ገብሩ ኣስራት። ወታደራዊ ዓቕሚ ናብ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ምቕያር ዝብል ፕሮግራም ሻዕብያን ናይ ህወሓት ወላዋይ መርገፅን እዩ ቐንዲ ፀገም ኹናት ባድመ ይብል ኣቶ ገብሩ ኣስራት። "ቅድሚ 6 ወርሒ ሻዕብያ ክወረና እዩ ዝብል ብመርትዖ ዝተደገፈ ሓሳብ ኣቕሪብና ነይርና ፣ ይኹን እምበር መለስ ዜናውን ካልኦት ኣርባዕተ መራሕትን ህወሓት ሻዕብያ ኣይወረናን ፣ ዕቡድ ኣይኮነን ዝብል ዓፈና ቐሪቡልና። ብምቕፃል ሕራይ ሰራዊት ናብ ትግራይ ይምፃእ ፣ ዝከላኸል ሓይሊ ኣብ ትግራይ ይሃልወና ዝብል እውን መለስ ዜናውን ጉጅለኡን ክቕበልዎ ኣይከኣሉን ይብል ኣቶ ገብሩ። ኣብ መወዳእታ እውን ዝተልኣኸ ውሑድ ሓይሊ

(ሓንቲ ሻለቃ) ካብ ሽረ ኽይትሓልፍ ዝብል ትእዛዝ እዩ ተዋሂቡ። ማለት እውን ካብቲ ዝተወረረ ናይ ባድመ መሬት (ግንባር) 90 ኪሎሜትር ርሒቑ ክሰፍር እዩ ተገይሩ፣ ብሓፂሩ ሻዕብያ ክውቃዕን ክምከትን ድሌት መሪሕነት ህወሓት ኣይነበረን ይብል።

መለስ ዜናዊ ልዕሊ ኤርትራዊያን ንኤርትራ ዝሕለቐ፣ ዝኾነ ሓይሊ ንኤርትራ ዝወርር እንተሎ ክንከላኸል ግድን እዩ ዝብል መሪሕነት ህወሓት ንሻዕብያ ዘለዎ ጥብቅና (ሓልዮት) ኣዝዩ ዘደንፁ እዩ። ንኣብነት ናይ ባሕሪ ወደብ ምልዓል፣ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕነት ምልዓል ማለት ከም ናፋቒ ዃናት ፣ ትምክሕተና፣ ነፍጠኛ እናበለ ዝኣስርን ዝቕንፅልን እዩ መሪሕነት ህወሓት ኢህወዴግ እዩ ይብል ኣቶ ገብሩ ኣስራት። እዙይ ድሌት ሰላም ዘይኮነስ ናይ ሃገር ጥቕምን ህልውናን ኣሕሊፍካ ምሃብ (Treasonous action)እዩ። ህግደፍ ኣብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ስርዓት ንምቕያር ኣብ ዝሰርሑሉ ግዜ ናይ ኤርትራ ላዕላውነት፣ ኤርትራ ናፃ ሃገር፣ ባሕሪ ናይ ኤርትራ፣ ኤርትራውያን ኣሕዋትና ወዘተ ዝብሉ መደረታት ናይ ተምበርካኻይነትን ሕሽክርናን መግለፅታት እምበር ድሌት ሰላም ክኸውን ኣይኽእልን።ካብ ኢትዮጵያ (ህዝብን ምድርን ግእዝ) ምሃብ፣ ምሃብ እምበር ምቕባል ዘይብሉ ናይ በለፅን ወራርን ፖለቲካ ሰላም ከውሕስ ዘይሕሰብ እዩ። ናይ ኣልጀርስ ስምምዕነት ባዕሉ ሻዕብያ ኣፍሪሱዎ እዩ። ተፃብኦታት ደው ምባል፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ሰላም ኣኽባሪ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ 25 ኪሎሜትር ቐጠና ክሰፍር ፣ ሻዕብያ ይኹን ህወሓት ሰራዊት ዘይንቀሳቐሱሉ ቦታ ዝብል ዘፍረሶ ባዕሉ ሻዕብያ እዩ። እዙ ዂናት ኢትዮጵያ ዝግጅት ዘይገበረትሉ ኲናት ነይሩ፣ ሻዕብያ ሰራዊት ትግራይ ከም ዝተጉሓፈ ይፈልጥ ነይሩ። ልክዕ ከምዚ ናይ 2013-2015

ጀኖሳይዳዊ ስሉስ ኲርናዕ ኹነት ማለት እዩ። ሻዕብያ ኣብ ሳዋ በብዓመቱ ዘሰልጠኖም ሰራዊት ሒዙ እናተንቀሳቐሰ ህወሓት ግን ሰራዊት ከሰልጥን ይትረፍ ንቶም ዝነበሩ ዕጡቓት ግን የባርሮምን ዕጥቆም የፍትሖም ምንባሩ ይፍለጥ። ኣቶ ገብሩ ኣስራት ዘቕረቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ ድማ ኣቶ መለስ ዜናውን ዶ/ር ካሱ ኢላላን ቐንዲ ዓንቀፍቲ ምንባሮም ጥራሕ ዘይኮነስ ላዕላውነትና ዘየኽብር ሰነድ ንቐበሎ እንበሉ ንቱ ኹናት እውን ከበላሸው ብዙሕ ሰሪሖም ን19 ስራሕ ፈፀምቲ ኢህወዴግ ብተደጋጋሚ ኣኼባ ገይሮም ተጨቃጪቖምና እዮም። ኣብ መወዳእታ እውን ክሳብ ሰነ፣ ዓሰብ፣ ሰንዓፈ ተቖፃፂሩ ናይ ሻዕብያ ሰራዊት ኣብ ዝፈረሰሉ ግዜ ልክዕ ከምዛ ናይ ደብረሲና 2014 ተመለሱ ዝተብሃለ ኹናት ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ደው ኣቢልኩም ተመለሱ ዝብል ትእዛዝ ዝሃበ መለስ ዜናዊ ዝመርሖ ህወሓት እዩ ነይሩ። ኣብ ዝኣተና ኣቲና ሻዕብያ ነቃብፆ ዝብል ክፍሽል ፣ ሻዕብያ እውን ህይወት ክህልዎ ብምግባር ዓብይ ተራ ዝተፃወቱ ናይ መለስ ዜናዊ መራሕቲ ከም ብዓል መለስ ዜናዊ ምንባሮም ኣቶ ገብሩ ኣስራት ኣብ መፅሓፉ ይገልፅ።

ብሓፂሩ ህወሓት ማለት ናይ ህግደፍ ገረድን መሳርሕን ዕሱብ ጉጅለ ምዃኑ ዘጠራጥር ነገር ኣይብሉን። እቱ ቐንዲ ፀገም ድማ ብናይ ህዝብና ደምን ቓልስን ንሕና ክንዕፆን ክንክበብን ምግባሮምን ፍታሕ ከይንረክብ ብቐፃልነት ፀግዒ ሻዕብያ ህግደፍ ኾይኖም ምቕፃሎምን እዩ። ሻዕብያ ህግደፍ ንህዝብና ብ1977 ዓመተ ግእዝ ዓፅዩ መሕለፊ ንሱዳን እውን ከልኪሉ ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ ማለት እውን ካብ ጫፍ ራያ ሰብኣማዕበል ክሳብ ሰብኣ ሽረ ብሔረ ኣግዓዚ ብጥምያትን ብደብዳብ ነፈርትን ክፀንት ይግበር እምበር ጉጅለ ከንሻ ስርዓት ዓድዋ ትግሬ ህወሓት

ግን ምስዚ ጨካንን ኣረማውን ሓይሊ ሻዕብያ ምስራሕ ኣየቋረፁን። እኳድኣስ ብዝበለፀ መልክዑ ኣጠናኺሮም ቐፂሎሙሉን ተሻሪኾም ኣንፃር ህዝብን ምድርን ግእዝ ምንቅስቓሶም ኣበርቲዖም ቐፀልሉ። ብምቕፃል ንሻዕብያ ህግደፍ ብዘይዋላሓደ ሕጋዊን ታሪኻውን መስርሕ (ሕገ መንግስቲ ከየፅደቑ) ብ1985 ኤርትራ ናፃን ላዕላዊትን ሃገር እያ፣ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ህዝቢ ግእዝ ሓራ ክትወፅእ ኣለዋ ዝብል መግለፂ ብምውፃእ (ገና ሕገ መንግስቲ 1987 ከየፅደቑ) ህዝብና ሙሉእ ብሙሉእ ንኽዕፆን ክኽበብን ሰሪሖም ሸፋቱን ዕሱባትን ስርዓት ዓድዋ ትግሬ እንዳከንሻ ህወሓት ። ቐፂሎም ድማ ብናይ ኢትዮጵያ (ህዝብን ምድርን ግእዝ) ሃፍትን ንብረትን ገይሮም ንታ ናይ እቦኦም ጥልያን ፕሮግራም ኤርትራ ከም ሲንጋፖር ክትከውን ዝከኣሎም ኹሉ ክገብሩ ፈቲኖም ነይሮም። ኣብቲ ሽዑ እዋን ንዙ ኣዝዩ ነውራም ዝኾነ ሃገራዊ ክሕደት ዝተዓዘበ ህዝቢ ዓጋመ ይኹን ካልእ ማ/ሰብ ግእዝ ሕቶታት ከልዕል ይጅምር። ይኹን እምበር ህወሓት ሕዚ እውን ናይ ህዝብና ሕቶታት ፀማም እዝኒ ብምሃብ ንሻዕብያዊት ፕሮግራም ጥልያን ኤርትራ ምኽዳምን ምሕሽካርን ቐፀሉሉ። ብፍላይ ህግደፍ ንቶም ሕቶታት ዘቕርቡ ዝነበሩ ህዝቢ ሽረን ዓጋመን ብሻዕብያ ብቐጥታ ክውረሩን ክጭፍጨፉን ብምግባር ሽርሓዊ ኲናት ብምኽፋት ክንደይ ኣሽሓት ህይወት ህዝቢ ግእዝ ክጠፍእ ብምግባር ኣብ ስልጣኖም ክቕፅሉ ምኽኣሎም ዝፍለጥ እዩ።

እቱ ናይ 1990ታት ዕፅዋን ክባን ብሻዕብያ ፍልይ ዘብሎ እንተሎ ህዝቢ ግእዝ ተዋጊኡ ንሻዕብያ ስዒሩዎ ዝነበረ እንትኸውን ህወሓት ድማ ንቱ

ዝሰዓረ ህዝቢ ግእዝ ሰራዊቱ ንሻዕብያ ከየውግዶ ምእንታን ክምለስ ብምግባር ብክልተ ኣንፈት ክጭፍጨፍን ክፀንትን ምግባሮም ጥራሕ ዘይኮነስ ዝተስዓረ ሓይሊ ሻዕብያ ኣብ ውዕሊ ኣልጀርስ ኸይዶም ይግባኝ ብዘይብሉ ፍርዲ ተወሰኸቲ መሬትን ህዝብን ግእዝ ንቱ ወራርን ፋሸሽታውን ስርዓት ህግደፍ ኣረኪቦም ምምላሶም ነይሩ። እዙ ካልኣይ ዕፅዋን ክባን ብፍላይ ንህዝቢ ግእዝ ኣዝዩ ኸርፋሕ ሃገራዊ ክሕደት ጥራሕ ዘይኮነ ቐንዲ ቐንዲ ወታደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ህዝብን ምድርን ግእዝ ንኻልኣይ ግዜ ብሸርሕን ተንኮልን እናተሓረዩ ዝተቐንፀልሉን ዝተረሸኑሉን እዩ ነይሩ። ብኣይሰላም ኣይኲናት ንልዕሊ 23 ዓመታት ተዓፅዩን ተኸቢቡን ክጠፍእ ዝተፈረዶ ህዝቢ ዓጋመ ብሔረ ኣግዓዚ ድማ ፎቆዶ ዓድታት ዓረብን ካልኦትን ፋሕ ብትን ክብል ጀመረ። ብስደትን ብዘመናዊ መሸጣ ንግዲ ባርነትን ክዋረድን ክዳኸምን ብዕላማን ትልምን ተሰሪሑሉ ብሚልዮናት ዝግመት ትውልዲ ፀኒቱን ጠፉኡን እዩ። ንሳልሳይ ግዜ ድማ ህወሓት ንሻዕብያ ናብ ትግራይ ብምዕዳም ፣ ዕጥቅን ስንቅን ካብ ትእምት ብምሃብ ንቱ ልዕሊ 23 ዓመታት ብዕፅዋን ክባን፣ ብጥምየትን ብግፍዕን ሰንሰን ኢሉ ዝነበረ ህዝቢ ግእዝ ንኽፀንትን ክውቃዕን ብ2013 ዓመተ ግእዝ ኹናት ብዕሊ ይጅምሩ። ሽዑ እውን ሕደጉ ህዝብና ከይተጥፍኡልና ፣ ፖለቲካዊ ፀገም እንተለኩም ብዘተ ፍትሑዎ ክበሃሉ ኸለው ንቱ ህዝብና ክታለል ብምግባር ብሓዊ ዘመናዊ ኣፅዋራት ቴክኖሎጂ ዓለምና ክነድድን ክጭፍጨፍን ገበሩዎ። ንሶም ድማ ንባዕሎም ጠፍጢፎም ዝፈጠሩ ናይ ኦሮሞ ሓይሊ ኦህዴድ ታንክን ባንክን

ኣረኪቦም፣ ንሻዕብያ እውን ትግራይ ዓድኹም እያ ንዑ እተው ኢሎም ብዕሊ ፃውዒት ኣቕሪቦም ህዝብን ምድርን ግእዝ ረመፅ ክንገብራ እና እናበሉ ረመፅን ሓሙኽሽትን ክትከውን ዝከኣሎም ኹሉ ገይሮም እዮም።

ሕድሕድ ኵናት ወሊዕኻ ናብ በዓቲታትን ውሻጠን ምሕባእ ዝልማዶም ህወሓት ብፍላይ ካብ 2013-2015 ዓመተ ግእዝ ኣብ ዝተኻየደ ፅንተት ብዕፅዋን ክባን፣ ብዘመናዊ ዕጥቅን ብምድራዊ ሰራዊትን እቱ ዝበዝሕ ህዝቢ ዝፀነተሉ ባዕሎም ጉጅለ ህወሓት ብዝመደቡዎም ከራቢት ዝተብሃሉ ናይ ኸተማታትን ገጠራትን ቐንፀልትን ሓረድትን እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ወሰኒ ቦታታት ዝተገበሩ ደብዳባትን ጨፍጫፋትን ድሮን ባዕሎም ናይ ህወሓት ዕሱባት ዘዳለውዎም ምንባሮም ናይ ደብረሲና ዝተኻየደ ጨፍጫፍን ኣብ ልዕሊ ለጋልግ መናእሰይ ሰራዊት ትግራይ ዓብይ ምስክር እዩ። እቶም ሰራዊት ተመለሱ ዓብይ ዓሕመድ ብልፅግና መራሒና እዩ ካብ ስልጣን ኣይእለን ዝተብሃሉ እንትኸውን ልክዕ ከምታ ካብ ባረንቱ ምምላስን ንህግደፍ ምድሓንን ብተመሳሳሊ ሰራዊትና ብኽልተ ኣንፈትን ብሰማይን ክጭፍጨፍ ብምግባር ይቕረ ዘየብልን ኣዝዩ ኸቢድ ኽሕደትን ጥልመትን ወሲኖም ንኣይንምለስን ዝበለ ሰራዊት ህዝቢ ግእዝ ድማ ብቶም ኣብ ኣ/ኣበባ ዓሪዶም ዝነበሩ ዕሱባት ህወሓት ከም ብዓል ዶ/ር ኣርከበ ዕቑባይ፣ ዶ/ር ኣረጋዊ በርሀ፣ ጀኔራል ዮሃንስ ገ/መስቀል (መንጋግ)፣ ጀኔራል መሓመድ (ሳሞራ) ዮኑስ ፣ ዶ/ር ኣዲስኣለም ባሌማ ወዘተ ስርዓት ዓድዋ ትግሬ ህወሓት እንዳከንሻ ዝተኣዘዘን ዝተቖናጀወን ምንባሩ ይፍለጥ።

ኣብዙይ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ ነገር ክንዕዘቦ ዘለና ሰለስተ ግዜ ብውግእ (ኲናት) ዝሰዓረ ህዝብና ብህወሓት ብተደጋጋሚ ይጥለምን ይከሓድን ምህላው ይኸውን። እዙይ ማለት ብ1977 ፣1900 ፣2013 ወዘተ ብሻዕብያ ዝዕፀውን ዝጬፍጬፍን ዘሎ ህዝቢ ግእዝ ንምንታይ ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ህወሓት ናይ ህግደፍ ሻዕብያ ዕሱብን ገረድን ብምኳኑ ጥራሕ ይኸውን። እቱ ሻዕብያ ክወረና ምድላዋት ይገብር ኣሎ ክበሃል ከሎ ፀማም እዝኒ ብምሃብን ህዝብና ከይዕጠቕን ዓርሱ ከይከላኸልን ዓብይ ዕንቅፋት ዝኸውን ዘሎ ስርዓት ዓድዋ ትግሬ እንዳ ከንሻ ህወሓት ንምንታይ ብዕፅዋን ክባን ህዝቢ ግእዝ ክፀንትን ክጠፍእን ይገብር ኣሎ ኢልካ ምርዳእን ንቕኑዕን ህዝባውን ቓልሲ ምእላይ ሽፍታ ህወሓትን ፈጣሪኡ ሻዕብያን ምብጋስ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ተግባር ይኸውን። ንዙ ቓልሲ እዙይ ብትብዓትን ብብልሓትን ፕሮግራም ሓንፂፆም ዝቃለሱ ዘለው ድማ ኣባላትን መስረትን ውድብ ብሔረ ኣግኣዚ / Agaezi National Union Party/ ምኟኖም ምርዳእን ሓቢርካዮም ምቅላስን ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን። ካብ ብሻዕብያዊ እንዳ ከንሻ ህወሓት ትግሬ ዓድዋ ተዓፂኻን ተኾርሚኻን ምፅናት ብውዳበ መልክዕ ተቓሊስካ ቐይሕ ባሕሪ ኣባታትካ ብሕግን ታሪኽን ይኹን ብሓይሊ ምምላስን ህልውናኻን ሰላምካን ምርግጋፅን ጥራሕ ዘይኮነ ነዙ ሽርሓዊ ዕፅዋን ክባን (Intentional Siege) ፈንፂሕካ ምውፃእ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግን ህዝብን ምድርን ግእዝ ነበረያነበረ ክኸውን ከም ዝኽእል ምጥርጣር ዘድሊ ኣይክኸውንን። ሞት

ንሽፋቱ እንዳ ከንሻ ህግደፍ ህወሓት ዓወት ንህዝቢ ግእዝ !! ህዝበይን ርስተይን ዝበለ ውብኣ ይዕወት!!


ብፍላይ ድማ ከስምረላ ዝጠልብ ሓፃር መልእኽቲ ንህዝቢ ምድረ ቡሑር ብሔረ ኣግኣዚ እዛ ትስዕብ እያ። መንእሰይ ምድረቡሑር ብደንቢ ከስተውዕለላ ይግባእ። ኤርትራዊነት ይኹን ትግራውነት ብባዕዳዊያን ሓይልታት ከንሻ ፀረ ህዝብን ምድርን ብሔረ ኣግዓዚ ዝተፈጠረ ናይ ሕሶት መንነት እምበር መሰረት ዘለዎ ነገር ኣይኮነን። ስለዘይኮነ እዩ ክዓ ኣብ ጉራን ፈኸራን፣ ትዕቢትን ድንቁርናን፣ ሕድሕድ ኩናትን ፅንተትን፣ ሕሱም ስደትን ውርደትን ጥሒሉ ዝርከብ። እዙ ናይ ሕሶት ፅውፅዋይ መንነት እዙይ ብዙሕ ዋጋ እናኽፈለና ይኸይድ ኣሎ። ካብቲ ሕመረት ስልጣነናን ንፈትዎ ዓዲቦናን የወግደናን የፍልሰናን ኣሎ። ሓደ ካብዙ ናይ ትግራይነትን ኤርትራነትን ግዳይ ኾይኑ ዝርከብ ኣካል ህዝብን ምድርን ብሔረ ኣግዓዚ ህዝቢ ምድረቡሑር ሓደ እዩ። ከመይሲ ንቡርን ምዕሩይን መፀውዒ ገዲፉ እቱ ላዕላይ ምድረ ቡሑር ናብ ምብራቕ ትግራይ እቱ ታሕታይ ምድረቡሑር ድማ ደቡብ ኤርትራ ዝብል ሓዊ ክስኽተት ተገይሩ ብሓዊ ሃልሃል እናበለ ይነድድ ይርከብ። ሕዚ ምድረ ቡሑር (ዓጋሜ ኣካለጉዛይ) ካብ ባሕሪ ወፃኢ ተገይሩ ብዕላማን ትልምን ይፀንትን ይሃልቕን ምህላው ክስቆረና ይግባእ። ከመይሲ ግእዛዊ ስለዝኾነ ብላቲናዊ ዓፋር ናብ ባሕሪ መውፅኢ ኸይረክብ ተዓፅዩ ይርከብ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ህግደፍን ህወሓትን ብስደት ኣብ ቐዳማይ መስርዕ ዝርከብ እዙ ህዝቢ ምድረቡሑር ምኺኑ ንፁር እዩ። ምድረቡሑር ንኣሽሓት ዘመናት ኣብ ሓደ ምሕደራ

ዝነበረ ጥንታዊ ጀግና ህዝቢ ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) እንትኸውን ኣካለጉዛይ ታሕታይ ቡሑር፣ ዓጋመ ድማ ላዕላይ ብሑር ዝብል ምዕሩይን ንቡርን መፀውዒ ምሕደራ ነይሩዎም። ሽዑ ድማ ማእኸል ስልጣነ፣ ንግዲ፣ ፍልስፍናን ፈጠራን ነይሮም። ብሸፋቱ ህግደፍን ህወሓትን ዝተፈብረኸ ፅውፅዋይ ኤርትራዊነት ይኹን ትግራውነት ንህዝቢ ምድረ ቡሑር ድሕረት፣ ሕድሕድ ኲናት፣ ዕፅዋን ክባን፣ ስደት፣ ፍልሰት፣ ጥምየት፣ ውርደትን ሕስረትን እምበር ዝረብሖ ነገር የልቦን። ንቅድሚት እውን ኣይክህሉን። ስለዙይ ላዕላይን ታሕታይን ምድረ ቡሑር ምስ ውድብ ብሔረ ኣግኣዚ / Agaezi National Union Party/ ተወዲብኩም ክትቃለሱን ህላወኹም፣ ባህግኹም፣ መፃኢኹም፣ ክብርኹምን መንነትኩምን ክተውሕሱ ብኽብሪ ንዕድመኩም ኣለና። ብሔረ ኣግኣዚ ቐንዲ መፍትሒ ሕድሕድ ጥፍኣትን ፅንተትን ዓድናን ህዝብናን ምኧኑ ዘይተረድአና እንተለና ድማ ሕቶ ክንሓትት ከም ንኽእል ይሕብር።

ሓቂ እዩ ኣብ ምድሪ ሓበሻ ብሔረ ኣግዓዚ ንምንታይ ላቲናዊ ፖለቲካ ንግእዝ እናውሓጠ ይስፋሕፋሕ ኣሎ ? ቅድሚ 34 ዓመት ኣብ ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ብግእዝ ፊደል እምበር ብላቲን ዝፅሕፍ ህዝቢ ኣይነበረን። እዙይ ማለት ንቱ ግእዝ ፊደል ክጠፍእን ብላቲን ክትካእን ሓያሎ ቓልሲታትን ሽርሕታትን እናሰርሑ ዝመፁ ሓይልታት ህግደፍ፣ ህወሓትን ኦነግን ኣዝዩ ኸቢድ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ፊደል ግእዝ የብፅሑ ምህላዎም ዝከሓድ ነገር ኣይኮነን።





ንአብነት ኣብ ኤርትራ ብዓል ዓፋር፣ ሳሆ፣ ብሌን ፣ ኲናማ ፣ ናራ ወዘተ ዝብሉ ናይ ሕሶት ብሔራት ብምፍጣር ግእዝ ናትኩም ኣይኾነን፣ ባዕዳውን ወራርን፣ ጨቋንን ቐታልን እዩ ብዝብል ፀለመ ዳርጋ ዅሎም ብላቲን ክፅሕፉን ፀረ ግእዝ ክኾኑን ተሰሪሑሉ ይርከብ። ብወገን ኢትዮጵያ እውን ዓፋር፣ ኦሮሞ፣ ሶማል፣ ሲዳማ ወዘተ ዝብሉ ናይ ሕሶት ብሔራት

ብምፍጣር ንቱ ግእዝ ክፅየፉዎን ከም ቐንዲ ፀላኢኦም ክርኡዎን ተሰሪሑሉስ ብላቲን ክጥቀሙ ተገይሩ ይርከብ። እዙይ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣካል ፅንተት ምኺኑ ምርዳእ የድልየና። ኣብ ላዕለዋይ ፀፍሒ ብራኸ ዓለም ለኻዊ ስልጣነ ህዝቢ፣ ምድርን ባሕርን ግእዝ (ብሔረ ኣግዓዚ) ሰለስተ ናይ ባሕሪ ንግዲ ልሳናት ንጥቀም ነይርና። ግእዝ፣ ግሪኽ፣ ሰባዊ። እቱ ቐንዲ ብሔራዊ ልሳና ግን ግእዝ እምበር ግሪኽ ወይ ሰባዊ ኣይነበረን። ስለዙይ ከምቱ ናይ ቐደም ግሪኽ ዘይጠፍአ ፣ ማዕቢሉ ንዕዘቦ ዘለና እቱ ግእዝ እውን ማዕቢሉ ንጥቀሙሉ ዘለና ልሳን ምኺኑ ክስመረሉ ይግባእ። ናይ ቐደም ዓረብ ይኹን ናይ ቐደም እንግሊዝ ሽሙ ኣይቀየረን። እዙይ ማለት ዕብየት ኣየርአየን ማለት ኣይኮነን። ናይ ራብዓይ ክ/ዘመን ዝነበረ ዓረብ ይኹን ግሪኽ ሕዚ ዓረብን ግሪኽን ዝብሃል እንተኾይኑ እቱ ሽዑ ዝነበረ ግእዝ ሕዚ እውን ግእዝ ዘይበሃለሉ ምኽንያት ሽርሒ ሮማዊያንን ሰዓብቶምን ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ስለዙይ ትግርኛ ምኛ ዝብል ናይ ከንሻ ሮማ ስዊድን ሎንደን ፅውፅዋይ ንቱ ንቡርን ምዕሩይን ልሳን ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ (ግእዝ) ሽሙ ክቕይሩዎን ከጥፍኡዎን ዘይሕሰብ እዩ። እዙይ ድማ ሓደ ተግባርን ዕላማን ውድብ ብሔረ ኣግኣዚ / Agaezi National Union Party/ ኾይኑ ይስርሐሉ ይርከብ። ሓቃዊ ብሔራዊነት ዝብሃል ድማ ከምዙይ መግለፂ ስርዓተ ክብርታትካ ከይጠፍኡ ምሕብሓብን ናብ መላእ ዓለም ክስፋሕፍሑ ምስራሕን እምበር ተጨቍነ፣ ናፅነት ፣ ሓርነት ወዘተ እናበልካ ብቃላት ኣሽካዕላል ምፅዋት ኣይኮነን። ስለዙይ እቱ ሕዚ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከብ ዓብይ

ታሪኽ፣ ስልጣነ ፣ ስርዓተ ክብሪ ዝፈጠረ ህዝቢ ግእዝ እዩ። ንዙይ ከም ሓደ ዓብይ ሓበራዊ ሰረት (ሕመረት) (common connecting ground /purpose) ተጠቒምና ምዕሩይ ናይ ረብሓይ ረብሓኻ ፖለቲካ ክንሰርሖ ይግባእ። ተዓቢስና ክንፀንት አይንፈቅድን! ብሓባር ንለዓል!! ንበራበር!!

ንሕና ቢሔረ ኣግኣዚ ብዘይ ዋንነት ባሕሪ ቢሔር ኢልና ንነብስና ክንገልፅ ኣይንኽእልን።ከም ውፅኢቱ ንጉሰ ነገስት ቢሔረ ኣግኣዚ ምድርን፣ባሕርን ግዝኣቱ ግድን ከረጋግፅ ኣለዎ።ምድርን፣ባሕርን ኣብ ኢዱ ዘይአትተው መራሒ ሃገር ምናልባሽ..ንጉስ'በር ንገሰ-ነገስት ክባሃል ፍቑድ ኣይኮነን።ስለዚ ባሕሪ ዋንነትና ጥራሕ ዘይኮነ ንቢሔርና(ሃገርና) define ንገብረሉ ቀንዲ ረቋሒ ምኻኑ ብዘየሻሚ ቋንቋ ሰነዳት ታሪኽና የረጋግፅልና እዮም።

# ***ቐይሕ ባሕርና ሓደ ካብቶም ዓንድታት/ ረቋሒታት/ መለክዒታት ቢሔረ ኣግኣዚ እዩ!!***

__**ትርጉም ብሔር**__:- ብሔር ማለት ሃገር ማለት እዩ። ከምዚ ህወሓትን ህግደፍን ንዝኾነ ቋንቋ/ልሳን ብሔር ዝብሉ ልክዕ ኣይኮነን። ከመይሲ ልሳን/ቋንቋ ምስ ብሔር /ሃገር ሓደ ትርጉም ኣይብሉን። ኣብ ሓንቲ ሃገር /ብሔር ድማ ዝተፈላለዩ ባህልታት፣ እምነታት፣ ልሳናት፣ ክብርታት

ኣተሓሳስባትን ክህሉው ንቡርን ወድዓውን እዩ።_ብሔር ዝብል ቃል ግእዝ እንትኾን ብኢንግሊዘኛ ድማ Nation ተባሂሉ ይፅዋዕ። ትርጉሙ ድማ ሃገር ማለት እዩ። ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም (United Nations) 193 ላዕላዎት ሃገራት (Nations) ይርከባ። እዙይ ማለት ብሔር (Nation) ዝብል ሃገር ማለት እምበር ነገድ/ ዓሌት/ ዘርኢ/ ሃይማኖት ኣይኮነን። ኣብ ሓንቲ ብሔር /ሃገር ውሽጢ ድማ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት /ልሳናት፣ ሃይማኖታትን ባህልታትን ዝሓቆፈ እምበር ሓንቲ እምነት ፣ ልሳን ማለት ኣይኮነን። ስለዙይ ኣብ ኢትዮጵያ 84 ብሔራት ፣ ኣብ ኤርትራ 9 ብሔራት ኣለዋ ዝብል ናይ ህግደፍን ህወሓትን ዝንቡዕ ፕሮግራም ክፍተሽ ይግባእ። ንቋንቋ (ልሳን) ብሔር ኣይበሃልን። እዙ ሕማሰ ብቐንዲ ዘጥፍእ ዘሎ ኣብ ትግራይ፣ ኣምሓራን ኤርትራን ዝርከብ ህዝቢ ሓበሻ ብሔረ ኣግዓዚ ምዃኑ እውን ምርዳእ የድሊ። ነዚ ሕማሰ ፖለትካ ኢትዮጵያ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ውብኣ ሰንኪትዎ ኣሎ። ኣምባኣርከስ "የተመረዎች ንቅናቄ" እናትብሃለ ዝፍለጥ ናይ ስድሳታት ምንቅስቓስ ብመሰረቱ ኣብ 3ተ ከፊልካ ምርኣይ ይካኣል:- 1) ማዕርነት ብሄር-ቢሄረ ሰባት 2) ጉዳይ መሬት 3) ናይ ኤርትራ ጉዳይ እዮም።

ቢሄር-ቢሄረ-ሰባት:- ኣብ ኣ/ኣበባ ዩንቨርስቲ "ዋለልኝ መኮነን" ዝተብሃለ መንእሰይ ምስሊ ኢትዮጵያ ንሰሜን ብፍላይ ኣምሓራ ትመስል ብዝብል ሰነድ ፅሒፉ። ቢሄር-ብሄረ ሰባት ኢትዮጵያ ከምዝተጨቆኑ ዝሕብር ፅሑፍ ወዘዐ። ነዚ ፅሑፍ እዚ መሰረት ብምግባር ድማ ካብ ምንቅስቃስ ተምሃሮ ጀሚሩ እስካዕ ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ዳርጋ ከሎም

ፖለትካዊ ሰልፍታት ሕቶ ቢሄር ቢሄረ ሰባት ወሳኒ ፖለትካዊ ነጥቢ ኮይኑ ቀፀለ። ኣብዚ እዋን ነቲ ጉዳይ ኣስፊሑ "ቢሄራዊ ጭቆና" ብዝብል ኣምር ህዝቢ ንምልዕዓል ዝተጠቐመሉ ውድብ ተሓህት/ህወሓት/ ከምዝነበረ'ውን ዝፍለጥ እዩ። ይኹን ድኣ'በር እቲ ናይ ብዙሓት መናእሰይ ኢትዮጵያ ልቢ ገዚኡ ዝነበረ "ኢህኣፓ" ጉዳይ ቢሄር ቢሄረ ሰባት ኢትዮጵያ ስርዓታዊ ለውጢ ብምምፃእ ክፍታሕ ይኽእል'ዩ ዝብል ፅኑዕ ለውጢ ነበሮም። ኣብቲ ግዜ ዝተቓወመቶ ህወሓት ድሓር ስልጣን ቀንዲዋ ኣ/ኣበባ ምስ ኣተወት ግን ፀገም ትግራይ ይኹን ፀገም ካልኦት ኢትዮጵያውያን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ይፍታሕ ብዝብል ነቲ ሓሳብ "ኢህኣፓ" ዓይና ብጨው ሓፂባ ሰረቐቶ። በዚ በለ በቲ ቢሄራዊ ጭቆና ዝብል ፅውፅዋይ ህወሓት ይኹን ስርዓታዊ ለውጢ ዝብል ሓሳብ ኢህኣፓ ነቲ ሽግር ዝፈትሕ ኣይነበረን። ከም ውፅኢቱ'ውን ኣይተፈትሐን። እንሆ ድማ ሎሚ ድሕሪ 50 ዓመታት ውድብ "ውብኣ" መልሲ ኣዳልዩ ንተግባራውነቱ ኣብ ምቅላስ ይርከብ።

ኣብ ጉዳይ ቢሄር ቢሄረ ሰባት ውድብ ብሄረ እግኣዚ ዝስዕብ መልሲ ኣዳልዩ ይቃለስ ኣሎ! መርገፅን፣ ሳይነሳዊ መፅናዕትን ውብኣ ኣብ ኢትዮጵያ ነገዳት እምበር ቢሄራት ከምዘየለዉ የረጋግፅ። ካብ ፈለማ "ዋለልኝ መኮነን" ዘምበቦ ጥራዝ ፍፅም ካብ ሓቅን፣ ርትዕን ዝራሓቐ ልቢ ወለድ እዩ። ከም ውፅኢቱ ድማ እቶም ነቲ ሕቶ ክምልሱ ዝፈተኑ ፖለትካዊ ሰልፍታት ግጉይ መንገዲ ክኽተሉ ገይርዎም። ውድብና ውብኣ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ "ቢሄረ ግእዝ" ጥራሕ ኣሎ ኢሉ ብጭብጥን፣ ርትዕን የረጋግፅ። ውብኣ

ቢሄር ኣግኣዚ እንትብል ፊደል ግእዝ፣ ተርኽ ግእዝ፣ ስርዓተ መንግስቲ ግእዝ፣ ባሕሪ ግእዝ ኢሉ ኣብ 4+ ዓንድታት መቑሉ የቖምጦም። እዚ ፍፁም ካብ ዓሌትነትን፣ ነገድን ናፃ ዝኾነ ናይ ቢሄር(ሃገር) መዐቀኒ "ቢሄረ ኣግኣዚ" ተባሂሉ ይፅዋዕ። ኣብ ቢሄረ ኣግኣዚ ድማ ዝተፈላለዩ ነገዳት ምህላዎም ፀጋ እምበር ሓጥያት ኣይኮነን። እዞም ነገዳት መሰሎም ተኸቢሩ ኣብቲ ሃገራዊ(ቢሄራዊ) ሕግን፣ ስርዓትን ድማ ይነብሩ። "ቢሄር" እቲ ክብሪ፣ ስልጣነን፣ ስርዓትን እንትኸውን እቶም ነገዳት ኣብቲ ውሽጢ ቢሔር(ሃገር) ዝነበሩ ወነንቲ ዝተፈላለየ ባህልን፣ ቋንቋን ወዘተ ክኾኑ ንቡርን፣ ኣድላይን እዩ። ብዙይ መሰረት ኣብ ትግራይ ይኹን ኢትዮጵያ ናይ 50 ዓመታት ፅውፅዋይ ብሄር-ብሄረ ሰባት ዝብል ሽርሒ ዝተመልኦ ከይዲ ብሓቀኛ ፅላል <u>ቢሄረ ኣግኣዚ</u> ይፍታሕ። ዓንድታት/ረቋሒታት/መለክዒታት "ቢሔረ ኣግኣዚ" ብቑንዱ 6 እዮም። ንሳቶም ድማ:-

**1. ፊደል ግእዝና እዩ። Geez Alphabet is our Identity, Culture, Nationality, History, Narrations, Heritages, Geography, Literatures, Philosophy, Science, Technology etc as Natives and Owners of Greater Horn of Africa with its Red Sea in both sides).** 'ፊደል ግእዝ' ኣብ ዓለምና ካብቶም ውሑዳት ወነንቲ ፊደል ንሕና ቢሔረ ኣግኣዚ ኢና።ስለዚ ፊደለ ግእዝ ቀንዲ ዓንዲ ቢሔርናን፣መግለፂ ጥንታዊ ታሪኽናን፣ፉልይነትና ዝገልፅ መንነትናን እዩ። ግእዝ እቱ እንኮ ኣፍሪቃዊ ፊደል እንትኸውን ኣዝዩ ሱልጡንን ምዕቡልን ፊደል ፣ ናይ ዓለምና ፈላማይ ስነፅሑፍን ፍልስፍናን ምኺኑ ድማ ንሕና

ከም ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ ፍናን ይስመዐና። ገለገለ ፀረ ብሔረ ኣግዓዚ ሓይልታት ንቲ ግእዝ ፊደልና ናይ ትግርኛ ዶ ናይ ኣምሓርኛ ዶ ክብሉ ይስማዕን ይርአን እዩ። ንቲ ሓቂ ግን ክቕይሩዎ ፍፁም ዝከኣል ኣይኮነን። ቕድሚ 1980ታት ማለት እውን ወራር ጥልያን ብትግርኛ ይኹን ኣምሓርኛ ዝብሃል ፊደል /ፅሑፍ ከም ዘይነበረ ትፈልጡ ዶ? ኣብቲ ሓወልቲታትና፣ ውቅረ ቤቴክርስትያናትና፣ መስቀላትና፣ መፃፍትናን ብራናታትናን፣ ኣእማንን ሳናቲምን ተፃሒፉ ዝርከብ ብግእዝ እምበር ብትግርኛ ይኹን ኣምሓርኛ ዝብሃል ከም ዘየለን ናይ ህዝቢ ብሔረ ኣግዓዚ ልሳንን ታሪኽን ብግእዝ ተሰኒዱ ከም ዝርከብ ከ ትፈልጡ ዶ ? ግእዝ ዘመን ኣቆፃፅራናን ግእዝ ስርዓተ ክብርታትናን እውን ቐንዲ መለክዒ ብሔራዊነትና እዮም።

**2. ተረኽና (Our narratives)** ካብ "ጉለምኻዳ" D'amnt ዝፈለመ..ኣዲልስ፣የሓ፣መጠራ፣ኣኽሱም፣ላሊበላ፣ሸዋ፣መቐለ..ዝቐፀለ ስልጣነን፣ንግስነትናን ካሊእ ወሳኒ ዓንዲ ቢሔረ ኣግኣዚ እዩ። Original, Initial, Pioneer of civilization,

**3. ስርዓተ መንግስትና!** ናይ ሃፀይነት፣ ንጉሰ ነገስትን፣ ንጉስን ስርዓተ መንግስቲ (Quenneship/Kingdom  government system) ዓንዲ ሑቐ ቢሔረ ኣግእዚ ኮይኑ ንዘበናት ዝዘለቐ ከም ቢሔር/ሃገር ደው ክንብል ናይ ኣንበሳ ብፂሒት ዝወስድ መሰረት ስርዓትና እዩ።ኣብ 19 ክ/ዘበን ዝነበረ ናይ "ሓፀይ ይውሃንስ" ፌደራላዊ ስርዓተ መንግስቲ ድማ እቲ ብሉፅ ስርዓተ ምሕደራ ነይሩ ኢልካ ምውሳድ ይካኣል።

**4. ባሕርና እዩ።** ንሕና ቢሔረ ኣግኣዚ ብዘይ ዋንነት ባሕሪ ቢሔር ኢልና ንነብስና ክንገልፅ ኣይንኽእልን።ከም ውፅኢቱ ንጉሰ ነገስት ቢሔረ ኣግኣዚ ምድርን፣ባሕርን ግዝኣቱ ግድን ከረጋግፅ ኣለዎ።ምድርን፣ባሕርን ኣብ ኢዱ ዘይአትተው መራሒ ሃገር ምናልባሽ..ንጉስ'በር ንገሰ-ነገስት ክባሃል ፍቑድ ኣይኮነን።ስለዚ ባሕሪ ዋንነትና ጥራሕ ዘይኮነ ንቢሔርና(ሃገርና) define ንገብረሉ ቀንዲ ረቋሒ ምኻኑ ብዘየሻሚ ቋንቋ ሰነዳት ታሪኽና የረጋግፅልና እዩም።


**5. አክሱም ፣ ኣዱሊስ፣ ላሊበላ ማእኸል ዝገበረ ሓቋፉይን ተስፋሕፋሓይን ግዝኣታዊ መሬትና (Legal, Historical and Natural Territory )**

**6. ስነልቦና :-** ናይ ብሔረ ኣግዓዚ ስነልቦና ኣብ ፍትሒ፣ ሰብኣዊነት፣ ናፅነት፣ ቕንዕና፣ ተሓታታይነት ዝድረኽ ኾይኑ ብስርዓትን ሕግን ምእማንን ንግለሰባት ምምላኽ ምፅያፍን ከምኡ እውን ንባዕዳውን ይኹን ባንዳዊ መግዛእቲ ዘይቕበል እዩ። ኣብ ግዳይነት፣ ምጭብርባር፣ ምሕሳው ዝተመስረተ ናይ ዓርሰ ምትሓት ስነልቦና ኣዝዩ ዝፅየፍ ንፀላእቱ ድማ ሰዓራይ ሞራልን ስነልቦናን ዘለዎ ብሔረ እዩ። ፅግዕተኛነት፣ ተምበርካኻይነት፣ ዓስካራይነትን ልኽብጥናን ዝተሓወሶ ስነልቦና ኣዝዩ ዝፅየፍ ህዝቢ እዩ።

ብሓፈሻ ሓቋፉይን ሰብኣውን ስነልቦና ዝሓዘ ብሔር እዩ። ኣብኡ ከለና..ናይ ቢሔረ ትግራይ ዓንድታት ግን እንታይ እዮም ? ኣብዚ ዘለኹም ናይ ትግራይ ቢሔርተኛታት "ቢሔረ ትግራይ" ዝባሃል define ክትገብርሉና ብኽብሪ ንሓትት! ብፊደል ግእዝ እናፀሓፈ ፣ ንብሔረ ኣግዓዚ

ዝፀልእን ዘፍርስን፣ ብናይ ግእዝ ዘመን ኣቆፃፀራ እናተጠቐመ ኣንፃር ብሔረ ኣግዓዚ ዝሰርሕ፣ ብናይ ግእዝ ሰዓት ኣቆፃፀራ እናተጠቐመ ብሔረ ኣግዓዚ ዝብሃል የለን ኢሉ ዝኽሕድ፣ ግእዝ ፊደልና ንምጥፋእ ብባዕዳዊ ፊደል ላቲን ዝትክእ ፣ ኣብ መሬት ኲልዕ ኢሎም ዝረኣዩ ቕርስታትን ሓድግታትን ብሔረ ኣግዓዚ ፣ ኣብ ሓወልቲ፣ ሳናቲም፣ መስቀላት፣ ብራናታት፣ ውቕረ ቤቴክርስትያናት ወዘተ በግእዝ ተሓቲሞምን ተኸቲቦምን ዝርከቡ ናይ ልዕሊ 5000 ዓመት ስልጣነና መግለፂታትን መርትዖታትን ክሒዱ ቕድሚ 1967 ዓመተ ግእዝ ዋላ ሓንቲ ታሪኽ ኣይነበረን ኢሉ ዓይኑ ብጨው ሓፂቡ ዝኽሕድ ትግራዋይነት መን እዩ? ናይ መን እዩ? ካበይ ዝመፀ እዩ ኢልና ክንምርምሮ ናይ ግድን እዩ። ንምንታይ ቢሔረ ኣግኣዚ'በር ቢሔረ ትግራይ ዘየለ? ቢሔር:-ነዊሕ መስርሕ ናይ ማሕበረሰብ ኮይኑ..ደረጃ ኣቅዋማ ናይቶም ማሕበረሰብ ዝቕመጠሉ ዓውዲ እዩ። ቢሔር:-ንዝደለኻዮ ህዝቢ ትዕድሎ ቅርጫት ስጋ ዘይኮነስ..ዝትንተን፣ዝጭበጥ ሳይነሳዊ ኣምር እዩ። ንኣብነት ብእንግሊዝኛ.. Clans,tribal,and Nation societies ተባሂሎም ይቕመጡ። ንሎማዓንቲ Nation Society/ቢሔራዊ ኣቃውማ ዘለዎ ማሕበረ-ሰብ እንታይ ዘማልእ እዩ ዝብል ንርአ! In addition that..ንሕና ቢሔረ ኣግኣዚ ናይ ባዕልና ናይ ቢሔር ትርጉም/definition ከምዘለና'ውን ክፍለጥ ይግባእ። ብሓፈሻ ቢሔረ ኣግኣዚ ክንብል ከለና..ቢሔራዊ ስልጣነ ዝፈጠረ ህዝቢ፣መግለፂ ቢሔራዊ ስልጣነኡ ድማ ዘለውዎ ህዝቢ እዩ። ሓደ:- መገለፂ ቢሔራዊ ስልጣነን፣ፉሉይ መንነትናን ዝኾነ "ፊደል ግእዝ" እዩ። ከምዝፍለጥ..ፊደል ግእዝ'በር ፊደል ትግርኛ ዝባሃል የለን። ስለዚ እቲ

ወናኒ ፊደል ግእዝ ህዝባ ቢሔረ ኣግኣዚ'በር ብምንታይ መለክዒ ቢሔረ ትግራይ ወይ'ውን ቢሔረ ትግርኛ ክኸውን ይኽእል? ክልተ:- ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተገለፀ ቢሔረ ኣግኣዚ ወናኒ ስልጣነ እዩ።



2ይ ዓመት ቁፅሪ 11
2ኛ ዓመት ቁጥር 11

መቐለ መስከረም 1987

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.25 | ብሓለዎት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ፖ.ሳ.ቁ 120 |
|---|---|---|

ትሕዝቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 11
ገፅ 1

ማውጫ
አዋጅ ቁጥር 11
ገጽ 1

ቁፅሪ ኣዋጅ 11/1987 ዓ/ም

ናይ ህዝቢ በዓላት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ብደረጃ ክልል ትግራይ ዝኽበሩ በዓላት ምውሳን ኣድላዪ ብምዃኑ ብሕጊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 35/1/ መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ 'ሎ ።

1. ሓጺር ርእሲ ፥

እዚ ኣዋጅ'ዚ " ናይ ህዝቢ በዓላት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ .. ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል ።

2. ናይ ህዝቢ በዓላት ፥

ብማእኸላይ መንግስቲ ብደረጃ ሃገር ክኽበሩ ካብ ዝተወሰኑ በዓላት ብተወሳኺ ኣብ ክልል ትግራይ እዞም ዝስዕቡ ዕለታት ናይ ህዝቢ በዓላት ኮይኖም ክኽበሩ ተወሲኑ 'ሎ ።

ሀ. ለካቲት 11/ዓሰርተ ሓደ/ ልደት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ
ለ. ሰነ 15/ዓሰርተ ሓሙሽተ/ ናይ ሰማእታት ዕለት

3. እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዐሉ እዋን ፥

እዚ ኣዋጅ እዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን ።

ገብሩ ኣስራት
ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
መስከረም 26/1987ዓ/ም

አዋጅ ቁጥር 11/1987 ዓ/ም

የህዝብ በአላትን ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በክልላችን ደረጃ የሚከበሩ የህዝብ በዓላትን መወሰን አስፈላጊ በመሆኑ በሕገ መንግስት /ዓንቀፅ 35/1/ መሰረት የሚከተለው ታውጇል ።

1. አጭር ርዕስ ፥

ይህ አዋጅ፡ -"የህዝብ በዓላትን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 10/1987 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል ።

2. የሕዝብ በዓላት ፥

በአገር ደረጃ እንዲከበሩ በማዕከላዊ መንግስት ከተወሰኑት በተጨማሪ የሚከተሉት ቀናት በክልላችን ደረጃ የሚከበሩ የህዝብ በዓላት እንዲሆኑ ተወስነዋል ።

ሀ. የካቲት 11/ አስራ አንድ/ የትግራይ የሕዝብ ትግል ልደት ፥
ለ. ሰኔ 15/አስራ አምስት/ የሰማእታት ቀን ፥

3. ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ ፥

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር ፡
መስከረም 26/1987 ዓ/ም

ካብቶም ስልጣነታት ሒደት ንሕጥቃስ ዝኣክል..ስልጣነ ኣክሱም፣ ኣዲሉስ፣ መዝብር፣ ላሊበላ ወዘተ..እዮም። እዞም ዝተጠቐሱ ስልጣነታት ስልጣነ ቢሔረ ኣግኣዚ'በር ስልጣነ ትግራይ ኮይኖምን፣ነይሮምን ኣይፈልጡን። ስለዚ..ብኸመይ ቢሔረ ትግራይ ወይ'ውን ቢሔረ ትግርኛ ምባል ይካኣል? ሳልሳይ:-ስርዓተ መንግስቲ (governments system) እዩ። ኣብ ናይ ቢሔር ኣቅውማ ዝበፅሐ ማሕበረ-ሰብ ብሕግን ስርዓተ

መንግስትን ይማሓደር።ቢሔረ ኣግኣዚ ድማ ናይ ሓፀይንትን፣ንግስናን ስርዓት ሃኒፁ ንዘበናት ዝዘለቐ ማሕበረሰብ ምኻኑ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ታሪኽና ድማ..ሓደ'ኳ ኣነ ናይ ትግራይ ንጉስ እየ ዝበለ መራሒ ብፍፅም የለን።

ስለዚ ብምንታይ መለክዒ ቢሔረ ትግራይ ክህሉ ይኽእል? ራብዓይ:-እቲ ረቋሒ ቢሔራውነት ዝኾነ ባሕርና።ቢሔረ ኣግኣዚ ካብ ካልኦት ናይ ቢሔራውነት ኣቅውማ ፉሉይ ዝገብሮም ብዘይ ባሕሪ ንነብሶ ከም ቢሔር ክቖፅሩ ዘይምኽኣሎም እዩ።እዙይ ናይ ቢሔረ ኣግኣዚ ብሕታዊ ኣምር ቢሔራውነት እዩ።ንዙይ እዮም ድማ ወለድና ቢሔረ ኣግኢዚ ምድርን፣ባሕርን ኣጣሚሩ ንዘይማርሐ ኣካል "ንጉሰ ነገስት" ዝብል ሙሉእ ማዓርግ ዘይህብዎ። ብዙይ መሰረት ባሕሪ ቢሔረ ኣግኣዚ'በር ባሕሪ ትግራይ ዝባሃል ነይሩ..ወይ ኣሎ ድዩ ? ስለዚ ብኸመይ ቢሔረ ትግራይ ክንብል ንኽእል? እዚ ጥራዝ ነጠቕ ናይ ህወሓትን፣ህግደፍን ናይ ቢሔር ስለያ..ነህዝብና ዝበታትን ሓደገኛ ናይ ታሪኽ አጋጣሚ ምኻኑ ምገንዘብ ብጣዕሚ ወሳኒ እዩ። ንኣብነት..ዝኽኑ ሰባት ቢሔረ ተምቤን፣ቢሔረ ኣኩለጉዛይ፣ቢሔረ ዓጋመ ወዘተ እንተይሎም..ንቢሔረ ትግራይን፣ትግርኛን ፈቒድካ ንዕኦም ትኽልክለሉ ርትዓዊ ምኽንያት ክህሉ ኣይኽእልን። ስለዚ..ቢሔር ዝብል ነባራውን፣ርትዓውን ሓቂ ከም ቃሕታኻ ዝዕደል ባኒ ስለዘይክነ፣ ብተወሳዒ ንህዝብና ዘለዎ ሓደጋ ረዚን ስለዝኾነ..ክእረም ግድን ይኸውን። ንዙይ ድማ <u>ውብኣ</u> እኹል ምድላዋት ገይሩ ኣፃፊፉ ሒዝዎ ስለዘሎ ነዚ ታሪኻዊ ውድብ ውብኣ ኣገንዕ ምባል

ጥራሕ'ዩ ዘድልዮ። ***ከሉ ሰብ ኣብ ናይ መርከብ ወብኣ ክሳፈር ግድን ኣይክነን..ነታ መርከብ ከዐንቅፋ ዝፍትን ግን ወይለኡ !!***

***ካብቶም ውብኣ ዝምልሶም ህዝባዊን ቅኑዓትን ሕቶታት ብጫልፋ ንምግላፅ:-***

***1.***ሕቶ ውሽጣዊ ዓርሰ ምሕደራ ብህዝብን ብስርዓትን ክምለስ ምግባር። እዙይ ማለት ትግራይ ብዝብል ዝተጎጅለ ናይ ሓንቲ ኽባብን ዓሌትን ህወሓት ካብ ስልጣን ኣሊኻ ፣ ኹለን ኽባብታት ባዕለን ብዝመረፃኦ ወዲ ዓዲ (ኽባቢአን) ክመሓደራ ምግባር። ምብራቕ ፣ ምዕራብ፣ ደቡብ፣ ሰሜን ፣ ማእኸል ዝብሉ ጨፍለቕቲን ናይ ሕሶት ሽማትን ኣወጊድካ ናብቲ ንቡርን ምዕሩይን ናይ ምሕደራ መፀውዒታት ምምላስ (ዓጋመ፣ ቴምቤን፣ ሽረ፣ ወልቃይት፣ ራያ፣ እንደርታ፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም) ወዘተ ዝብሉ ምሕደራታት ምስትኽኻል። ብሃገር ደረጃ ድማ ካብ ኹለን ምሕደራታት ዝተውፃእፀአ (ዝተወከለ) ማዕረ ድምፂ (ብበዝሒ ህዝቢ)፣ ማዕረ ስልጣን ክፍፍል፣ ማዕረ ኢኮኖምን ናይ ምውሳን ዕድላትን መስርሕን ምህናፅን ምዝርጋሕን። ሕዚ ካብቶም 4 ኣብ ፖሊት ቢሮ ዝርከቡ እቶም ሰለስተ (ኣለም ገ/ዋህድ፣ ቦንጆሪኖ፣ ደብረፅዮን) ካብ ሓንቲ ወረዳ ዓድዋ ጥራሕ እዮም። እንደርታ፣ ሽረ፣ ወልቃይት፣ ዓጋመ፣ ቴምቤን ዋላ ሓደ ወኪል የብሎምን። እዙይ ድማ ፍትሓዊ ኣይኮነን ክዕረ ናይ ግድን እዩ።

2.ንዓና Minority ዝገበረና ሕገ መንግስቲ ምቕዳድን ምፍራስን :- ንሕና ከም ህዝቢ ሓበሻ ብሔረ ኣግዓዚ ብኹሉ መለክዒታት ዓበይቲ (Majority) እምበር ኣናሳ (Minority) ብሔር ኣይኮናን። ብኣበርክቶ፣ ብሃገር ህንፀት ፣ ብምክልኻል ላዕላውነት፣ ብህንፀት ስርዓትን ተረኽን ላዕለዎትን ቐዳሞትን እምበር ናይ ትማሊ 1967 ዓመተ ግእዝ ዝተፈጠርና ኣይኮናን። ብበዝሒ ህዝቢ እውን ክንወዳደር እንተኾይንና ምስ ጎንደር፣ ጎጃም፣ ሸዋ፣ ወሎ፣ ኣርሲ፣ ሃረር፣ ባሌ፣ ወለጋ፣ ነቀምቲ፣ ጅማ ወዘተ እምበር ምስ ማሌሊት ህወሓት ዝፈጠሮ ዘይነበረ ዓብይ ኦሮሞን ዓብይ ኣምሓራን ኣይኮነን። ስለዙይ ንሕና ብሔረ ኣግዓዚ እምበር ትግራይ ዝብሃል Minority ዝገብረና ናይ ደቂ ባንዳታት ሰፈርቲ ሕሩጭ ዝምልከተና ኣይኮነን።

3.ግዝኣታዊ መሬትና :- እዛ ትግራይ ትብሃል ዘላ ጭላቖ ካርታ ናትና ኣይኮነትን። ንዓና ኣይትውክለናን። ከመይሲ ናትና መሬትን ርስትን ትሸይጥ፣ ናይ ዓጋመን እንደርታን መሬት ናብ ዘይነበረ ዓፋር ትሸይጥ፣ ናይ ቴምቤን ራያን መሬት ትወርርን ትሸይጥን፣ ናይ ሽረ ወልቃይት መሬት ትወርርን ትሸይጥን ኣዝያ ቐዳመይቲ ፀላኢትና ምኳና ክስመረላ ይግባእ። ስለዙይ ትግራይ ዝብል ሓፁር (ዕፅዋን ክባን) ፈንፂሕና ብምውፃእ ርስትናን መሬትናን ክነውሕስ ይግባእ።

4.ቐይሕ ባሕሪ :- ሽፍታ ህወሓት ማሌሊት ኤርትራ ዝብሃል ናይ ጥልያን ፕሮግራም (ምዕፃው ህዝቢ ሓበሻ ብሔረ ኣግዓዚ) ኣጠናኺሮም ይቕፅሉ

ኣለው። ብሕግን ብታሪኽን ዝምልከተና ቐይሕ ባሕሪ ከይንጥቀም ብቐንዱ "ግመል ሸንቲ ይሸናሉ" እናበሉ ዓብይ ዕንቅፋት ዝኾኑና ዘለው እዞም ሸፋቱ ማሌሊት ፀለምቲ ጥልያን እዮም። ስለዙይ ባሕርና ካብ ዓረብ መንጢልና ናብ ዘላቐ ረብሓና ክውዕል ብምግባር ኣብቲ ኸባቢ ቐርኒ ኣፍሪቃ Geo-Strategically & Geopolitically Significant & Influential ኾይንና. ምውፃእ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ቐይሕ ባሕሪ ዝግበር ናይ ፀጥታ፣ ንግዲ፣ ይኹን ፖለቲካ ምስታፍ ንዓና ናይ ሞትን ሕየትን (ህልውና) ጉዳይ ምኳኑ ፈሊጥና ምቅላስን ምርብራብን እዩ።

5.ተረኽና ምምዕርራይ (Coming back to the truth & original narrative) :- ሕዚ ዘለናዮ ተረኽ ካብ 1967 ዓመት ዝጅምር እዩ። እቱ ልዕሊ 5000 ዝገበረ ታሪኽን ስልጣነን ከም ዘይናትና ተገይሩ ይስርሐሉ ኣሎ። እቱ ግእዝ ፊደልና ክጠፍእ ብምግባር ብላቲን ክትካእ እዩ ዝግበር ዘሎ። እቱ ሓቋፋይን ተስፋሕፋሓይን ብሔራዊ ስነልቦናን ታሪኽናን ናብ ፀበብትን ዓሌታውን ሕድሕድ ኲናት ክወርድ ይግበር ኣሎ። ነዙይ ንምስባርን ናብቲ ንቡርን ምዕሩይን ብሔራዊ ተግባርናን ባህርያትናን ክንምለስ ናይ ግድን እዩ።

6.ክብረትን ደሕንነትን ደቂ ኣነስትዮ ብሔረ ኣግዓዚ ናብቲ ንቡር ክምለስ ምቅላስ። ሕዚ ደቂ ኣነስትዮና ብኹሉ መልክዕ ክዋረዳ፣ ክድፈራ፣ ክስደዳ፣ ክሽየጣን ክጎሓፋን ይግበር ኣሎ። ካብ ቑጠባን ንግስነነትን ክወርዳን

ክእለያን ብምግባር ናይዝኾነ ሽፍታን ዓረብን መፃወቲ ክኾና ይስራሕ ኣሎ። እዙይ ብዕምቆትን ብትብዓትን ክስርሐሉ፣ መሰልን ክብርን ደቂ ኣነስትዮና ክዕቀብን ክድንፍዕን ምግባር ማለት እቱ ብሔራዊ መንነትናን ስርዓትናን ከምኡ እውን ትውልድናን ጭውነትናን ክቕፅል ምግባር ማለት እዩ። ስለዙይ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣነስትዮና ክብርን ሓልዮትን ዘይብሉ ሽፍታ ማሌሊት ህወሓት ምቕባርን ምጉሓፍን መማረፂ ዘይብሉ ቕዱስ ተግባር ውዳበ ብሔረ ኣግዓዚ (ውብኣ) እዩ።

7.ኢትዮጵያ ናይ ግእዝ እምበር ናይ ላቲን ኾይና ኣይትፈልጥን። ኣብ ዝኾነ ሃገር መሰረት (መበገሲ) Core state ዝብሃል ኣሎ። ንኣብነት ናይ ጀርመን ኢምፓየር እቶም ባቫርያን ዝተብሃሉ እዮም ቐንዲ ሕመረት፣ ኣብ ናይ ኢምፓየር ዓባይ ብሪጣንያ ድማ እንግሊዝ (ኣንግሎሳክስፎን) እዮም ሰብ ዋናታት። ብዙይ መሰረት ኣብ ኢትዮጵያ እቶም ብሔረ ኣግዓዚ (ግእዝ) እዮም ቐንዲ ሕመረት። ስለዙይ ኢትዮጵያ ብናይ ብሔረ ኣግዓዚ (ግእዝ) Values & Assets እምበር ብናይ ላቲናዊ ፖለቲካ ክትምራሕ ኣይትኽእልን። ከመይሲ ፊደል ግእዝ እምበር ላቲን ናይ ኢትዮጵያ መግለፂ ኣይኮነን። ዛንታ (ተረኽ) narration እውን ብናይ ብሔረ ኣግዓዚ እምበር ብካልእ ክትግለፅ ኣይትኽእልን። እቲ ስርዓተ መንግስቲ ይኹን ምሕደራ እውን ማእኸሉ ኣብ ማእኸል ህዝብን ምድርን ግእዝ እዩ ክኸውን ዝግባእ። ቐይሕ ባሕሪ ድማ ሓደ ካብቶም መግለፅታት ብሔረ ኣግዓዚ ምኼኑ ምርዳእን ንተግባራዊነቱ ተጊህኻ ምስራሕን ይሓትት። እዙይ ንምፍታሕ

ትግራይ ፣ኣምሓራ፣ ኤርትራ፣ ጉራጌ ወዘተ ዝብል ኽፋፋሊ መስርሕ ህዝብን ምድርን ግእዝ ክስተኻኸል ይግባእ። ምኽንያቱ ካብ ናይ ብሔረ ኣግዓዚ values ቋንቋ መሰረት ዝገበረ፣ ካብ 5000 ዓመት ዝገበረ ተረኽን ዛንታን ብ1967 ዓመተ ግእዝ ዝጅምር ተረኽን ዛንታን፣ ካብ ህዝብን ምድርን መሰረት ዝገበረ ፓርቲ ህወሓት መሰረት ዝገበረ ፖለቲካን ማንነትን ዘራምድ፣ ካብ ሰንደቕ ዓላማ ብሔረ ኣግዓዚ ናይ ኮሚኒስት ቐይሕመይሕ ባንዴራ ፣ ካብ ሓቋፋይን ማጆሪቲ (ዓብይ)ን ናይ ማይኖሪቲ (ንእሽቶይን ፀቢብን) ካርታን ዛንታን ዝኽተል ፖሊስን ፕሮግራምን ብምልቓቕ ብሔረ ኣግዓዚ ሃገሩን ህዝቡን ክመርሕ ሓላፍነት ክሸከም ይግባእ።